# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.114 | ቀዳም 11 ጥሪ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ወሕስነት ኣብ ገበን





ገጽ 4
ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረ በዳ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

ገጽ 5
ርእሰ-ምምላኽ







ገጽ 6
"ንመንእሰያት ኣብ ምምዕባልን ምሕጋዝን ክነጥፍ ባህ እብለኒ!" ፈሪዳ ድግለል





ገጽ 11
ኢሳቕ፡ ብልጽ ተጻዋታይ ወርሒ ታሕሳስ ተባሂሉ

## ፖሊስ ኤርትራ፡ ትግባረ መደባት 2024 ገምጊሙ

ፖሊስ ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት፡ ኣዘዝቲ ፖሊስ ዞባታት፡ መደብራት ፖሊስን ካልኦትን ኣብ ዝተረኽብሉ ብ9 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ትግባረ መደባት 2024 ብምግምጋም፡ ኣብ እማመ ውጥን ስራሕ 2025 ዘትዩ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ ምስ ዓመት 2023 ብምንጽጻር ኣብ ዘቕረቦ ብኣሃዛት ዝተሰነየ ዝርዝራዊ ጸብጻብ፡ ኣብ 2024 ብደረጃ ሃገር ገበናት ብ1.2 ሚእታዊት ክጎድል ከሎ፡ በደላት ብ15 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ከምኡ'ውን ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ብ7.4 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ገሊጹ።

ንሓደጋታት ተሽከርከርቲ ብዝምልከት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝኸሰተ ሓደጋታት ብመንጽር ምዕባለ ኣሃዛት ግዳያት ርእይቶኡ ዝሃበ ኮሎኔል መሓሪ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሓፈሻ 3,782 ሓደጋታት ከምዝጋጠሙ፡ ከም ሳዕቤኑ 134 ሞት፡ 1,846 ከቢድን ቀሊልን መቑሰልቲ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 37 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ኣብ ንብረት ከምዝወረደ፡ መጠን ዕንወት ክኣ ካብቲ ናይ 2023 ብኣስታት 11 ሚእታዊት ከምዝጐደለ ኣፍሊጡ።

ኮሎኔል መሓሪ ኣስዒቡ፡ ኣብ ዘይተፈቕደለን ስራሕ ክሰርሓ ዝጸንሓ 825



ኮድ-1 ናይ ግዝ መካይን ብፖሊስ ተኸሲሰን ብበዓል-መዚ መጉዓዝያ ምድሪ 4.2 ሚልዮን ናቕፋ ከም እተቐጽዓ ብምጥቃስ፡ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ምስ ዓመት 2023 ክነጻጸር እንከሎ ብ20.4 ሚእታዊት ከምዝጎደለ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ልዕሊ 13.3 ሚልዮን ናቕፋ፡ 26 ሽሕ ፍራንክ ጅቡቲ፡ 990 ዶላር ኣመሪካ፡ 450 ፓውንድን 730 ብርን ወዲቑ ከምእተረኽበ፡ ዝበዝሐ ካብኡ




ድማ ናብ ዋናታቱ ከምእተመልሰ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዘካየድዎ ክትዕ፡ ኣብ ምሕያል ምክልኻል ገበንን ሓደጋታትን፡ ምውርጻጽ መርመራ ገበን፡ ምሕደራ ዓቕሚ-ሰብን ፋይናንስን፡ ምሕያል ትካላዊ ኣሰራርሓን ህዝባዊ ተሳትፎን፡ ከምኡ'ውን ምድንፋዕ ስነ-ዶባዊ ገበናት ናይ ምብዳህ ዓቕሚ ኣብ ዝብል ውጥን ስራሕ 2025 ዘትዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ 2024 ኣብ ዝተሰላሰለ ፖሊሳዊ ስራሕ ኣብነታዊ ኣበርክቶ ዝገበሩ 10 ኣባላትን ሓንቲ መደበር ፖሊስን፡ ካብ ኣዛዚ ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ብርጋዴር ጀነራል ስምኦን ጉብረድንግልን ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይን ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን ተቐቢሎም።

## ናይ ሓመድ ጽርግያ ማይ-ዓይኒ - መንደፈራ፡ ብወፈራ ተጸጊኑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ቅናፍና ምስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ክፍሊ-ሰራዊት 64 ተወሃሂዶም፡ ናይ ሓመድ ጽርግያ ማይ-ዓይኒ - መንደፈራ ብወፈራ ጸጊኖም።

እቲ ኣብ ማሕበራ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ህዝቢ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ መስመር፡ ብውሕጅ ተበላሺዩ ንተሽከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ምጽንሑ ዝጠቐሱ ነበርቲ፡ ኣብ ምጽጋኑ ዝተራእየ ምውህሃድ፡ ኣብ ኣድማዕነት ናይ'ቲ ወፈራ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ቅናፍና ኣቶ ሃብተማርያም ይመስገን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝጸንሐም ሽግራት ኣብ ምቕላል ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንዝገበርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ምፍዋስ ማይ-ክዖታት ኣካል ናይ'ቲ ስራሕ ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ግዚያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ኣቶ ክፍለ መንግስ ብወገኑ፡ ቀጻልነት ናይ'ቲ ጽርግያ ንምውሓስ፡ ህዝቢ ቀጻሊ ናይ ጽገና ተበግሶታት ክወስድ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ነበርቲ ናይ'ተን ዓድታት ከም መርኣያ ሓጎስም ናይ ምስጋና እንግዶት ብምድላው፡ ነቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ልምዓት ንዝተጸምዱ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ክፍሊ-ሰራዊት 64 ኣዘናጊዖም።

## ድግ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ንምዕባይ ተዘትዩ

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድግ፡ ዝወጠኖ መደባት ንምዕዋትን ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምዕባይን ዝዓለመ ርክብ፡ ምስ ወከልቲ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ኣካይዱ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ሁመድ ኤላ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዝወጠኑ ልምዓታውን ምምሕዳራውን መደባት ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ክዕወቱ ስለዘይክእሉ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ምርግጋጽ ቀዳምነት ክወሃቦ ዝግብኦ ዕማም ምዃኑ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ዘርኣብሩኽ ብወገኑ፡ መንግስቲ ብዘኣዋኑ ማሰረታውያን ኣገልግሎታት የዋድድ'ኳ እንተሎ፡ ብሰንኪ ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ካልእ ሕጽረታትን ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይዓቢ ብምጥቃስ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣሃበርቲ ዓድን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ጸቒጦም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ቅሩባት ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ሕጽረታት ንምምላእ ኣብ ዝወሰድ ተበግሶ ከምዝሳተፉ ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ፡ ምስ ኣመሓደርትን ወከልቲ ህዝብን 13 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ተሳታፍነት ህዝቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዝምስገን ምዃኑ ገሊጹ።

ብፍላይ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምስራሕ ዲጋታት፡ ምውዳድ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታትን ካልእን፡ ተሳትፎ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ 2024 ልዑል ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 ዲጋታት ዝሰርሓ ዓድታት ምድላዋተን ኣጻፊፈን ከምዝለዋ ሓቢሩ።

ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ኣብ ዓዲ-ንኣምን ዝተሰርሐት ዲጋ፡ ኣብ ደብርን ኣብረሸቖን ተዋዲዱ ዘሎ ፕሮጀክት ማይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ምሉኾይ ዝተሃንጸት መጠነ ንኡስ ዲጋ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘለዎም ጉሉሕ ተሳትፎ ከምዝኾነ፡ ኣቶ ኣብርሃም ወሲኹ ኣብሪሁ።

## ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ግንባር ጊንዳዕ፡ ወፈራዊ ንጥፈታት ተኻዪዱ

ኣባላት ምትሕግጋዝ ኮር 271 - ክፍለ ሰራዊት 17 ነበር፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሰማእታት ግንባር ጊንዳዕ ማእቶታዊ ስራሕ ኣካይዶም።

ንሳቶም፡ ንርክብ ናይ'ቲ ዝወደብዎ ወፈራ ብምጥቃስ፡ ዓመት መጸ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዘካይድዎ መደብ ምዃኑ ገሊጾም።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ - ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ፡ ነቲ መደብ ንዝወደቡን ኣብኡ ንዝተሳተፉን ብምምስጋን፡ ካልኦት ኣሃዱታት ክኽተልኦ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንተሳተፍቲ ናይ እንግዶት መደብ ተኻዪዱን ህያብ ተበርኪቱን።

## ተጋዳላይ ተኽስተ ወልዱ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ ተኽስተ ወልዱ ጉብረኣምላኽ፡ ብ5 ጥሪ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ተኽስተ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ ህንጻን ተመዲቡ ንህዝቡን ሃገሩን ከገልግል ድሕሪ ምጽናሑ፡ ካብ 2005 ኣትሒዙ ብምኽንያት ስንክልና ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ ክእለ ዝጸንሐ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ተኽስተ ወልዱ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቒን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ 5 ጥሪ 2025 ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ንኡስ ዞባ ደባርዋ ተፈጺሙ።



ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ፡ ብመስዋእቲ ኣባሉ ጉዳም ተጋዳላይ ተኽስተ ወልዱ ጉብረኣምላኽ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነ።

## ዜና

# ነበርቲ ሃበሮ ጽሩይ ማይ ይረኽቡ



ስእሊ - ተስፋሚካኤል ገብረየሱስ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ምንጪ ዝስተ ማይ ንምውሓስ ብዘዋገር ዘሎ ቀጻሊ ጻዕሪ፡ 80 ሚእታዊት ካብ ነበርቲ ጽሩይ ማይ ይረኽቡ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ምጥርናፍ ዓድታት ኣብ ምምላእ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘበርከተ ዝገለጸ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቶ ፍትዊ ጉብረመስቀል፡ ኣብ ዝበዝሓ ከበባታት መሰረታዊ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ማይ፡ ትምህርቲ፡ ተንቀሳቓሲ ተሌፎንን ካልእን ተማሊኡ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ካብ 11 ዓድታት እተን 9 ቀረብ ማይ ከምእተዋደደለን ብምጥቃስ፡ ነተን ተረፈን ዘለዋ ንምምላእ ይሰራሕ ከምዘሎ'ውን ኣብሪሁ።

ንኣገልግሎት ትምህርቲ ብዝምልከት፡ ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ 36 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ፡ መደባት ዓረዮትን ምጥፋእ መሃይምነትን ድማ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ ፍትዊ፡ በብከባቢኡ ዝተዋደደ ሓንቲ ማእከል ጥዕናን 3 መደበራት ጥዕና ዝምስገን ኣገልግሎት ይህባ ምህላወን ኣሕቢሩ።

ኣቶ ፍትዊ ኣብ መወዳእታ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣብ ግራት ሓረስቶት ብወዳብ መልክዕ ምስራሕ፡ ምሕያል ኣታዊታት ግብሪ መሬትን ጥሪትን፡ ከምኡ'ውን ምኽትታል ምሕደራ ማይን ኣታዊታትን ካብ ቀንዲ ናይ መጻኢ መደባት ከምዝኾኑ ገሊጹ።

# ትካል ዓለባ 'ዛኤር'፡ መበል 20 ዓመት ምስረታኡ ጸምቢላ





ስእሊ ሳሚኤል ንጉሰ

ኣብ ከተማ ኣስመራ - ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ተደኲና እትርከብ ብኢጣልያውያን ኣውፊርቲ እትውሃን ትካል ዓለባ 'ዛኤር'፡ መበል 20 ዓመት ምስረታኣ ብ9 ጥሪ ጸምቢላ።

ኣብ'ቲ ዕድመ ዝተገበረሎም ሰበ-ስልጣን ዝተረኽብሉ ጽምብል፡ ወናኒ'ታ ትካል ፔትሮ ዛምባዬቲ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እታ ትካል ሚእቲ ሚእታዊት ብኢጣልያዊ ኣውፋሪ 'ዛምባዬቲ' ከምእትውሃን ጠቒሱ፡ ኣብ 2004 ንጥፈታታ ክትጀምር ከላ 250 ዝበረ ቀጽሪ ሰራሕተኛታታ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብኣስታት 200 ሚእታዊት ብምዕባዩ 730 ምብጽሖ፡ ንክሲጋሳ ዝገልጽ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ትካል 'ዛኤር' ዝተፈላለየ ዓይነት ካምቻታትን ስረታትን ዝጠቓልል ናይ ጡጥ ኣልባሳት ብምፍራይ፡ 95 ሚእታዊት ብመልክዕ ሰደድ ናብ ወጻኢ፣ 5 ሚእታዊት ድማ ንዕዳጋታት ውሽጢ ሃገር ከምእተቕርብ ዝገለጸ ፔትሮ፡ ሰራሕተኛታት ብሓፈሻ ደቂ-ኣንስትዮ ኣዴታት ድማ ብፍላይ ዝያዳ ኣፍረይቲ ንክኾና፡ መወዓልን መምሃሪን ቆልዑ ተዋዲዱለን ከምዘሎን ንኹሎም ሰራሕተኛታት ነጻ ኣገልግሎት ጥዕና ከምዘወሃበን ኣብሪሁ።

ወከል ሰራሕተኛታት መንእሰይ ሰላም ኪዳነ ብወገኑ፡ ትካል 'ዛኤር' ብዘይካ'ቲ ጠለብ ዓማዊል ንምምላእ እትገብሮ ኣበርክቶ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምዕባይ'ውን ስልጠናታት ከምእትውድብ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣብ ሞያዊ ብቕዓተንን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮአንን ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሰዓበ ሓለፊ ክፍሊ ዝምድናታት ዕዮ ኣቶ መሓመድ እድሪስ ጫናይ ብወገኑ፡ ትካል 'ዛኤር' ዝበዝሓ ቁጽሪ ሰራሕተኛታት ኣብ ርእሲ ምውናና፡ ናይ ጽመትን ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልናን ዘለዎም ዜጋታት ንዘርከቦም ናይ ስራሕ ዕድል ከምዝፈጠረት ብምሕባር፡ ምስ ኣካይድታ ዝዋገር ቀጻሊ እሂን-ምሂን፡ ኣብ ምውሓስ ረብሓታት ሰራሕተኛታት ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

እቲ ጽምብል፡ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝተሰነየ ነይሩ።

# ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ፡ ዓይነታዊ ደገፍ ረኺባ

ኣብ ኣመሪካ ዝርከብ ኣባላት 'ኤርትሪያን ደቨሎፕመንት ፋውንዴሽን'፡ ንቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ ዓይነታዊ ደገፍ ገይሮም።

እቲ ሓገዝ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዓይነ-ስዉራን ዝሕግዝ ወረቓቕቲ ብሬይል፡ ዘመናዊት መሕተሚት መጽሓፍቲ፡ ከምኡ'ውን መጽሓፍቲ የጠቓልል።

ኑቲ ስራሕ ዝተረኽበ ኣካይድቲ ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ፡ ስለ'ቲ ዝተገብረ ሓገዝ ምስጋና ኣቕሪቦም።

ኣባላት 'ኤርትሪያን ደቨሎፕመንት ፋውንዴሽን'፡ ብ3 ጥሪ እውን ንኣሕዱራት ቤት-ትምህርቲ ጽሙማን ከረን፡ ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ገንዘባዊ ሓገዝ ከምዘበርከቱ ዝዘከር'ዩ።

# ዓሰብ - መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ዓሰብ፡ ሞያዊ ስልጠናታት ጽገና ሞተረ ጀላቡን ኮምፒዩተርን ከምኡ'ውን ድራወለሶ ክቐስሙ ዝጸንሑ 13 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 60 መንእሰያት፡ ብ3 ጥሪ ተመሪቖም።

ሓላፊ ሃገራውነት ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ዑስማን ዓብዱልቓድር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዞባዊ ኣብ ሓሳቡ ዝተዋህበ ስልጠና ዝተሳተፉ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን መንእሰያትን ተመሃሮን ምዃኖም ብምሕባር፡ ኣብ ትካላቶም ዝኸሰቱ ጸገማት ኣብ ምቕላል ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ገሊጹ።

ኣዛዚ እዚ ደቡብ ሓይሊ-ባሕሪ ሌ/ኮ ጎይትኦም ኪዳነ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ዝበዝሐ ህዝቢ'ቲ ዞባ ብምግፋፍ ዓሳ ዝናበር ምስ ምዃኑ፡ ብፍላይ ስልጠና ጽገና ሞቶረታት ጀላቡ ኪጋጥም ንዝጸንሐ ጸገም ንምፍዋስ ስለዝሕግዝ፡ ሰልጠንቲ ምስ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ብሓባር ክሰርሑን ካብኦም ተመኩሮ ክቐስሙን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወከል ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃ ኪዳነ፡ ሰልጠንቲ ንዘቐሰምዎ መባእታዊ ስልጠና ብስራሕ ከማዕብልዎ ኣዘኻኺሩ።

# ባጽዕ - ኣብ ምውጋድ ጉዳእቲ ልምድታት ዘተኮረ ዘተ ተኻዪዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ምውጋድ ጉዳእቲ ልምድታትን ምኽባር መሰላት ቆልዑን ደቂ-ኣንስትዮን ዘተኮረ ዘተ፡ ብ4 ጥሪ ኣብ ባጽዕ ኣካዪዱ።

ወከል ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ እስማዒል ዑስማን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብደረጃ ዞባ ኣስታት 46 ሽሕ ህዝቢ ዝተሳተፎ ኣስተምህሮዊ ኣገባብ ዘበገሱ ጥበባት ከምእተኻየደ፣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ባጽዕ ቅሮራን ዳህላክን ድማ ዳህሳስ ከምእተገብረ ኣብሪሁ።

ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታት ብወገኖም፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ ብዝሃብ ዘለዉ ብደሃያታት፡ ከምኡ'ውን ምስ መሻርኽቲ ጸቢቕ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተገብሩ ርክባትን ወጽኢቶምን ዝርዝራዊ ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምብራኽ ዝቐጽሉ ገስጋሲ ኣስተምህሮታት ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ተላብዮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ረዘነ ፍስሓ ድማ፡ ጉዳእቲ ልምድታት ንምቁጽጻር ዝቐጽሉ ዘሎ ስራሓት ዝምስገን ወጽኢት ደርኺቡ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ንዝያዳ ወጽኢት ተራ ህዝብን መሻርኽትን ክዕዘዝ ኣዘኻኺሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI -TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | መደብ ብምኽንያት ሓዳሽ ዓመት ምስ ሪም ጣንድ 2ይ ክፋል |
| 11:00 | ሰሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ፍትራን |
| 17:00 | ፍሉይ መደብ |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዑት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኽኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ሽባብ

ሃማመተኤ


## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ውሕስነት ኣብ ገበኛ



ኣማኻሪ፤ ሄለው፡ ናብ ሃማመተኤ ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ፡ መን ክብል?

ደዋሊ፤ ሰይፉ እብሃል።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ሰይፉ ዕድመኻን ካበይ ትድውል ከም ዘለኻንዶ ምንገርካኒ?

ደዋሊ፤ ሕጂ ደኣ ወዲ 47 ዓመት ኮይነ ኣለኹ። ካብ ኣስመራ'የ ኸኣ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ክሕግዘካ?

ደዋሊ፤ ቅድሚ ሰሙን ኣቢሉ ይኸውን፡ ብቐረባ ዝፈልጠኒ ሰብ፡ "ኣብ ቤት ፍርዲ ጉዳይ ኣለኒ እሞ ክትወሓሰኒ፡" ኢሉ ደዊሉለይ። ቅድሚ ሕጂ ተዋሒሰ ስለ ዘይፈልጥ ድማ ኣኽብድ ኣቢለ'የ ዝርድኦ። በዚ ኸኣ ኣርሒቐ ስለ ዘለኹ፡ ካልእ ሰብ ከናዲ ከም ዘለዎ ሓቢረ መሊሰሉ። ፈላጥየይ ግና ኣይሓደገንን።. "ካባኻ ዝቐርብ ሰብ ስለ ዘይብለይ ዝገበርካ ግበር ክጽበየካ እየ፡" ኢሉ ተለፎን ኣብ እዝነይ ዓጽዩዋ። ካባይ ከም ዘይሓልፍ ስለ ዝተረዳእኩ ከይደ ተዋሒሰዮ። እንተኾነ ሻቕሎተይ ኣዝዩ ልዑል'ዩ ዘሎ። ሕጊ ዘሰክመኒ ሓላፍነት ከመይ ከም ዝመስል ክፈልጥ ስለ ዝደለኹ፡ ገለ ንኣእምሮይ ዘረጋግእ ናይ ሕጊ ምኽሪ ክትህበኒ'የ ደልየ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ሰይፉ፡ ቅድሚ ዝኣገረ፡ ክትፈልጥ ኢልካ ምብጋስካ ዝንኣድ ስለ ዝኾነ፡ ንተበግሶኻ ኣድንቐ! ሕጂ ግና፡ እንታይ ኢኻ ክትፈልጥ ደሊኻ ዘለኻዶ ምንገርካኒ?

ደዋሊ፤ ኣነ ድኣ ብዙሕ ሕቶታት'ዩ ዘለኒ። ኣቐዲመ ግና ዋሕስ እንታይ ማለት'ዩ? ንምንታይ'ዩ ዘድሊ ዝብሉ ሕቶታት መብርሂ ክረኽበሎም ምደለኹ።

ኣማኻሪ፤ ውሕስነት ኣብ ሲቪላዊ ጉዳይን ውሕስነት ኣብ ገበናዊ ጉዳይን ተባሂሉ ኣብ ክልተ'ዩ ዝኽፈል። ከምቲ ኣቐዲምካ ዝነገርካኒ፡ ፈላጢኻ ኣብ ቤት ፍርዲ ኮይኑ'ዩ ርድኣኒ ኢሉካ። ምስ ከድካዮ፡ ዘጋጠሞ ነገርን ውሕስነት ዝድለየሉ ዘሎ ጉዳይን ፈሊጥካዮዶ?

ደዋሊ፤ እወ! ምስ ሓደ ሰብ ተባኢሱ ምንባሩ፡ መባእስቱ ኣስናኑ ስለ ዝተሃርመ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ከሲሱ ከም ዘቐረቦን፡ ቤት ፍርዲ ከኣ "ውሕስነት ኣቕርብ ወይ ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ክትሰጋገር ኢኻ፡" ከም ዝበሎን እዩ ነጊሩኒ። ኣነ'ኳ ናይ ሕጊ ብዙሕ ኣፍልጦ ስለ ዘይብለይ፡ ሲቪል'ዩ ገበን'ዩ ክብል ኣይክእልን'የ። ንዓይ ኵሉ ቤት ፍርዲ'ዩ። ምናልባሽ ግና ማህረምቲ ስለ ዘሎ ገበን ይኸውን ኢለ እሓስብ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ኣብ መንጎ ሲቪላውን ገበናውን ጉዳያት ገለ መብርሂ ምሃብ ኣድላዪ ኮይኑ ይስምዓኒ። ሲቪላዊ ጉዳይ'ውን ካብ ገበናዊ ፍጻሜ ክለዓል ይኽእል'ዩ። ከሳሲ ኣስናኑ ስለ ዝተሃርመ ከሲሱ፡ ፈላጢኻ ተኸሲሱ ኣሎ፡ ኢልካኒ። ካብዛ ጉዳይ'ዚኣ፡ ፈላጢኻ ብምህራሙ እቲ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ዘሎ 'ኣይትህረም' ዝብል ድንጋገ ሕጊ ጥሒሱ ይርከብ። ናይዚ ተግባር'ዚ ብገበናዊ ሕጊ ተሓታቲ ኮይኑ፡ እንተ ብገንዘብ ወይ ብማእሰርቲ ክቕጻዕ ይኽእል'ዩ። እዚ ናይ ገንዘብ ወይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ዘስዕብ ገበናዊ ጉዳይ ይብሃል። ኣብዚ እቲ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ናብ ብጹል ኣይኣቱን'ዩ። ናብ ካዝና መንግስቲ'ዩ ዝኣቱ። ብኣንጻሩ፡ ብጹል ወይ ተሃራሚ ግና፡ "ንዝወረደኒ ጉድኣት ካሕሳ ይከፈለኒ፡" ኢሉ ክሲ ክምስርት ይኽእል'ዩ። እዚ ኸኣ ሲቪላዊ ጉዳይ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ብቤት ፍርዲ ዝውሰን መጠን ካሕሳ ከኣ ናብ ብጹል ኣታዊ ይኸውን። ቤት ፍርዲ ኸኣ ካብ ከሳሲ ንመኽፈቲ መዝገብ ተባሂሉ ዝኽፈል ገንዘብ ኣታዊ ይገብር። በዚ ዝሓበርካኒ ከኣ፡ ፈላጢኻ ብገበን ዝተኸሰሰ ይመስል። እንዛረበሉ ውሕስነት እምበኣር፡ ውሕስነት ኣብ ገበናዊ ጉዳይ እዩ። እዚ ማለት፡ ንሓደ ኣብ ናይ ገበን መጋባእያ ብገበን ተኸሲሱ ዘሎ፡ ግና ኸኣ ብውሕስነት ክልቀቕ ትእዛዝ ዝተገብረሉ ጥርጡር፡ ኣብ ዝኾነ እዋንን ቦታን ናይቲ መስርሕ ዳንነት፡ ከም እትቐርቦ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ዘሰክም ኣምር ሕጊ'ዩ። ብሕጽር ዘበለ ኣበሃህላ፡ እቲ ዋሕስ ንተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኸቕርቦ ዝኣትዎ መብጽዓ ክንብሎ ንኽእል ኢና። ብዋሕስ ካብ ቀይዲ ዝተለቀ ሰብ፡ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝጸውዖ ግዜ ናይ ምቕራብ ተኽእሎኡ ከረጋግጽ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ዋሕስ ፍቓድ ንግዲ (ሊቸንሳ) ወይ ምስክር ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ሊብሬቶ) ወይ ምስቲ ገበን ዝመጣጠን ጥረ ገንዘብ ክሕተት ይኽእል።

ደዋሊ፤ ዋሕስ ክማልኦ ዘለዎ ረቛሒታትከ እንታይ እዩ?

ኣማኻሪ፤ ዋሕስ ሰብ ልዕሊ ዕድመ ኮይኑ ወረቐት መንነት (ታሴራ) ዘለዎ፡ ብዓል ትካል ምስ ዝኸውን ከኣ ኣብ ትካሉ እኹል ርእሰ-ማል ዘለዎ፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ንጹር ኣድራሻ እንተ ሃለዎ ይምረጽ። ምኽንያቱ እቲ ዋሕስ ኣብ ዝተደልየሉ ግዜ ብቐሊሉ ክርከብ ዝኽእል ክኸውን ስለ ዘለዎ'ዩ።

ደዋሊ፤ ውሕስነት ኣበይ'ዩ ዝፍጸም?

ኣማኻሪ፤ መብዛሕትኡ ግዜ ውሕስነት ኣብ ቤት ፍርዲ ዝግበር እኳ እንተኾነ፡ ኣብ መደበር ፖሊስ'ውን ክፍጸም ይከኣል'ዩ።

ደዋሊ፤ እቶም ኣብ ቤት ፍርዲ ወይ ኣብ መደበር ፖሊስ ውሕስነት ዝግበረሎም ጉዳያት ብኸመይ ይፈላለዩ?

ኣማኻሪ፤ እቲ ፍልልይ ኣብ ክብደት ናይቲ ተፈጺሙ ተባሂሉ ዝኽሰስ ገበን'ዩ። እቲ ገበን ከቢድ ምስ ዝኸውን ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ዋሕስ ክገብር ይግደድ፡ ብመጠኑ ኣብ ቀለልቲ ወይ'ውን ፈኲስቲ ገበናት ድማ ኣብ ፖሊስ ውሕስነት ክፍጽም ይኽእል። ብድሕሪ'ዚ ክሱስ ካብ ቀይዲ ተለቒቑ ጉዳዩ ክሳብ ሕጋዊ ውሳኔ ዝወሃቦ፡ ኣብ ደገ ኮይኑ ይከታተል።

ደዋሊ፤ ዝያዳ ብሩህ ክኾነለይሲ፡ ውሕስነት ስለምንታይ ይፍቀድ?

ኣማኻሪ፤ ኵሉ ሰብ ይርድኦ'ዩ ኢለ ከም ዝሓስቦ፡ ግና ከኣ ክርደኣና ዘለዎ እንተ ሃልዩ፡ ጥርጡር ብዋሕስ ተለቒቑ ማለት ካብ ገበን ነጻ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ተኸሳሲ ብዋሕስ ንኽልቀቕ እቲ ሕጊ ስለ ዘፍቀደሉ ኮይኑ፡ ኣብ ቀይዲ ምሓዙ ኣድላይነት ስለ ዘይብሉን ንመሰል ካልኦት ኣባላት ስድራቤቱ ንምሕላውን ተባሂሉ እዩ።

ደዋሊ፤ ሓደ ሰብ ንኽንደይ ሰባት ዋሕስ ክኸውን ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ሓደ ሰብ ንብዙሓት ይኹኑ ውሑዳት ሰባት ብሓባር ወይ ብተናጸል ክወሓስ ይኽእል እዩ። ሕጊ ደረት ኣይገብረሉን እዩ። ብሓጺሩ እቲ ዝሕተት ውሕስነትን ዓቕሚ ዋሕስን ዝድርኾ እዩ። ንኣብነት፡ ውሕስነት ብገንዘብ እንተኾይኑ፡ ዋሕስ ዓቕሙ ክሳብ ዘፍቀደሉ ክወሓስ ይኽእል። ብፍቓድ ንግዲ ምስ ዝኸውን ግና እቲ ርእሰ-ማል ናይቲ ፍቓድ ንግዲ ክንደይ ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ። ክሳብ'ቲ መጠን ርእሰ-ማሉ ክወሓስ ይኽእል እዩ። ካብኡ ንላዕሊ ግና ኣይፍቀደሉን እዩ።

ደዋሊ፤ ውሕስነት ግዜ ገደብ ኣለዎዶ?

ኣማኻሪ፤ ሓደ ተኸሳሲ ኣብ መደበር ፖሊስ ከሎ ውሕስነት ይገብር ወይ'ውን ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ መጀመርታ ዝቐረበሉ መዓልቲ ቈጺራ ነቲ ዝቐረበሉ ክሲ ምስ ተነበበሉ፡ ቃል ክሕደት ምስ ዝህብ ክሳብ ጉዳዩ ዝጻረ፡ ውሕስነት ይገብር። እዚ ውሕስነት ድማ ክሳብ'ቲ ጉዳይ ተወሲኑ፡ ተዓጽዩ፡ ወይ ተሳሒቡ ዘውዳእ ይጸንሕ። እዚ ግዜ ድማ ብመሰረት ገ/ስ/ዓ 71 ቤት ፍርዲ ነቲ ግዜ ይውስኖ፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ'ውን ከናውሖ ይኽእል'ዩ። ብሓጺሩ፡ ውሱን ግዜ ዘይብሉ ኮይኑ፡ እቲ ጉዳይ ብቤት ፍርዲ ክሳዕ መዕለቢ ዝግበረሉ፡ ውሕስነት ኣብ ቦትኡ'ዩ ዝጸንሕ።

ደዋሊ፤ ውሕስነት ዘይፍቀደሉ ኵነታት ኣሎዶ?

ኣማኻሪ፤ ንጥርጡር ቀሪብሉ ዘሎ ክሲ ብሞት ወይ ካብ 15 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ ብኸቢድ ማእሰርቲ ዘቕጽዕ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ግዳይ ብሰንኪ'ቲ ዝተፈጸመ ገበን ክመውት ተኽእሎታት ምስ ዝህሉ፡ ጥርጡር ንሕጊ ተማእዚዙ ዝኸይድ ምስ ዘይመስል፡ ኣብ ቈጸራኡ ዝቐርብ ምስ ዘይመስል ወይ ነቶም ብቤት ፍርዲ ዝተኣዘዙ ቀይድታት ዝፍጽም ምስ ዘይመስል፡ ጥርጡር እንተ ተለቒቑ፡ ካልእ ገበናት ንኽፍጽም ተኽእሎታት ምስ ዝህሉ፡ ንመሰኻክር ክዓናቕፍ ወይ መርትዖታት ከበላሹ ተኽእሎ ምስ ዝህሉ ወዘተ፡ ውሕስነት ናይ ምርካብ መሰል ይንፈጎ እዩ።

ደዋሊ፤ ሓደ ዋሕስ ብኸመይ ክሰናበት ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ብመሰረት ገበናዊ ስርዓት-ሕግና፡ ውሕስነት ኣታዊ ቅድሚ ምዃኑ ወይ ቅድሚ ምኽፋሉ ዋሕስ ምስ ዝመውት፡ እቲ ውሕስነት ኣቋሪጹ፡ ዝተታሕዘ ገንዘብ ምስ ዝህሉ ናብ ውልቃዊ ወራሲ ዋሕስ ይምለስ። እቲ ክሱስ ከኣ ካልእ ዋሕስ የቕርብ ወይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይጸንሕ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ዝተለቐቐ ሰብ ናብቲ ውሕስነት ዘፍቀደ ቤት ፍርዲ ኣቕሪቡ ካብ ውሕስነት ንኽሰናበት ምስ ዝሓትት፡ ወይ'ውን ከየቕረበ ግና ክወርደሉ ከም ዝደለየ ብምሕባር እሞ ከኣ ቤት ፍርዲ መቐየዲ ትእዛዝ ሂቡ እቲ ሰብ ከኣ ምስ ዝቐየድ፡ ከምኡ'ውን እቲ ክሱስ ክሃድም ይኽእል'ዩ ዝብል ሓሳብ ሃልይዎ ዋሕስ ንቤት ፍርዲ ምስ ዝሕብር፡ ቤት ፍርዲ መቐየዲ ትእዛዝ ሂቡ እቲ ክሱስ ምስ ዝቐየድ፡ ውሕስነቱ ወሪዱ ብናጻ ክሰናበት ይኽእል።

ደዋሊ፤ መጠን ውሕስነት ብኸመይ ይግመት?

ኣማኻሪ፤ ኣብ ግምት ዝኣትዉ ነገራት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም ከኣ፡ ክብደት ናይቲ ክሲ፡ ቀዩድ ናብ መስርሕ ዳንነት ንኽቐርብ ዘለዎ ተኽእሎ፡ ምልቃቕ ቀዩድ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ወይ ህዝባዊ ድሕነት ከውርዶ ዝኽእል ሓደጋ፡ ገንዘባዊ ዓቕሚ ናይ ቀዩድን ዋሕሱን ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል። ክብደት ናይ ክሲ፡ በቲ ዝወሃቦ መቕጻዕቲ ወይ ዝወረደ ጉድኣት ቀሊል ምስ ዝኸውን ዝሕተት ውሕስነት ክምጠነሉ ይኽእል'ዩ።

ደዋሊ፤ ዝኣተኽዎ ውሕስነት፡ ብኸመይ ኣገባብ ከውርዶ ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ እቲ ጉዳይ ሕጋዊ ውሳነ ምስ ተዋህቦ ዋሕስ ውሕስነቱ ክወርደሉ ብጽሑፍ ምልክታ የቕርብ። ቤት ፍርዲ ድማ ውሕስነት ንኽወርድ ትእዛዝ ይገብረሉ። እቲ ውሕስነት ብገንዘብ እንተ ነይሩ ይምለሰሉ፣ ልቸንሳ ምስ ዝኸውን ግና ኣብቲ መዝገብ ቅዳሕ ጥራይ ስለ ዝተሓላለዘ እቲ ጉዳይ ምስ ተወድአ ውሕስነቱ ከም ዝወረደ ይሕሰብ።

ደዋሊ፤ ስለ እቲ ዝሃብካኒ ምኽሪ ኣዝየ'የ ዘመስግን፣ የቐንየለይ። ብሩኽ መዓልቲ!

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ፣ ንዓኻ'ውን ብሩኽ መዓልቲ!

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ብርሃነ ዓንደመስቀል

# ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረ በዳ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

ኤርትራ፡ ሓንቲ ኻብተን ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረ በዳ ምቹእ ባይታ ዝፈጥራ ሃገራት ኲይና፡ ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬታ እቲ ልዕሊ ፍርቂ ማለት ልዕሊ 71 ሽሕ ትርብዒት ኪሎ ሜተር ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረበዳ ምቹእ እዩ። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኹይኑ፡ እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ይርከብ። ለበዳ ኣንበጣ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ምቹእ ክሊማዊ ኩነታት ይኽሰት።

ሃገርና እትኽተሎ ስትራተጂ ቍጽጽር ኣንበጣ ‘ኣንበጣ ከይነፈረ ኽሎ ምክልኻል’ ዝብል እዩ። ሓደ ካብዞም መሰረታውያን ረቛሒታት ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሚ ዝምርኮስ መሓለውታ ውጥን ምድላው እዩ። ንኣንበጣ ብቐረባ ንምምካት፡ ኣብቲ ዝፈርየሉ ቦታ ነቑጣታት ብምድኳን ገና ከይሳዕረረን ለበዳ ከይፈጠረን ኣብ ደረጃ ኩብኩብታ እንከሎ ስጉምቲ ንምውሳድ የኽእል። ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ሳጊሙ ንዝመጽእ ኣንበጣ፡ ኣብ መዕረፊኡ ኸሎ ብለይቲ ዝግበር ምቍጽጻር ኣንበጣ’ውን ሓደ ኻብቶም ሃገርና እትጥቀመሎም ኣድማዕቲ መስርሕ ምቍጽጻር እዩ።

ኣንበጣ ምድረ በዳ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 100 ክሳብ 200 ኪሎ ሜተር ከየዕረፈ ንኣስታት 17 ሰዓታት ክበርር ይኽእል። ሓንቲ ኣንስተይቲ ኣንበጣ ድማ ካብ 60 ክሳብ 80 እንቋቝሖ ኣብ ሓደ እዋን ትጸፊ። ሓደ ኣንበጣ ኣብ መዓልቲ ማዕረ ክብደቱ ማለት ክልተ ግራም ይምገብ። ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜተር ስፍሓት ዝዓሰለ ኣንበጣ ብማእከላይ ገምጋም ኣስታት 50 ሚልዮን ኣንበጣ ይርከብዎ። ስለዚ ኣብ 100 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝዝርጋሕ ዕስለ ኣንበጣ ኣስታት 10 ሽሕ ቶን እኽሊ ኣብ ሓደ እዋን ክምገብ ይኽእል። ኣብ ምድረበዳታትን ሰብ ብቐሊሉ ሓበሬታ ክረኽበሉ ዘይክእል ቦታታትን ድማ ይራባሕ። ብተወሳኺ ምስ ኩነታት ክሊማ ባህርያቱን ሕብሩን ይቕያይር።

ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝፋረ ዘሎ ዕስለ ኣንበጣ ምድረ በዳ ንምቍጽጻር ዓመታዊ ሓያል ምርብራብ እዩ ዝካየድ። ኣብዚ እዋን ድማ ምስ ዘሎ ጠልን ምቹእ ኩነታት ክራማትን ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘለዎ ዕስለ ኣንበጣ ተኸሲቱ ኣሎ። በዚ ድማ ካብ ዝሓለፈ መስከረም 2024 ኣትሒዙ መስርሕ ቍጽጽር እዚ





ኣቶ ኤፍረም ኣሮን

ባልዕ ብቐጻሊ ይካየድ ከም ዘሎ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ወኪል ሓላፊ ሳገምቲ ባልዓት ኣቶ ኤፍረም ኣሮን ይሕብር።

ኣንበጣ ምድረ በዳ ገና ኣብ ኩብኩብታ እንከሎ ማለት ክሳዕ 5ይ ደረጃ ዝበጽሕ፡ ብኣጋ ኣብ ዝጸፍየሉ ቦታ ነቑጣታት ብምምስራት ብቐረባ ምክትታል ይግበረሉ ኣሎ።

ዛጊት ኣብ ንኡሳን ዞባታት እማህሚመ፡ ከባቢ ድልክ፡ ዕስዝረት፡ ሓዳሪት፡ ገለብሳግላ፡ ኣብ 1150 ሄክታር መሬት ተዘርጊሑ ዝነበረ ኣንበጣ ምቍጽጻር ክግበረሉ እንከሎ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ እምብረ፡ እሚት፡ ጉልቡብ፡ ኣብዱርባቡ፡ ዓሪባይ፡ ኮላይን ሚሾን፡ ኣብ 11,600 ሄክታር መሬት ዝተዘርግሐ ኣንበጣ መድሃኒት ተነጺጉ። ብተወሳኺ ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ፡ ኣብ ከባቢታት ሻገት፡ ደበት-ከዋኪ፡ ወድኢሎ፡ እምበረሚ፡ ቀጣኒት፡ ኣይሩ፡ ሓምቡካለ፡ ኢደሓማለ ኣብ ልዕሊ 6273 ሄክታር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ድማ ኣብ ገደም ኣብ ልዕሊ 12 ሄክታር ተመሳሳሊ ዕዉት ዝኾነ ቍጽጽራዊ ስራሕ ከም እተኻየደ ኣቶ ኤፍረም ውሲኹ ይሕብር።

ብሓፈሻ፡ ዛጊት ተሰላሲሉ ብዘሎ ዓቢ ዕማም፡ ኣብ ልዕሊ 19 ሽሕ ሄክታር ዝተፋረየ ኣንበጣ ምድረ በዳ፡ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ብምንጻግ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ውዒሉ ኣሎ።

ኣንበጣ ብጻዕቂ ጸፍዩለን ዝጸንሐ ንኡሳን ዞባታት ባጽዕ፡ ኣፍዓበት፡ ቅሮራን ሽዕብን እየን። እንተኾነ ሳላ ውሁድ ስራሕ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ምምሕዳራትን ህዝብን፡ ዛጊት ኣብ ዘራእትን መጋሃጫን ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረደ እንከሎ ዕዉት ቍጽጽራዊ ስራሕ ይካየደሉ ኣሎ።

ኣብ ሰለስተ ቀወምትን ክልተ ግዝያውያንን ነቑጣታት ብምውዳብ፡ ኣድማዒ ስራሕ ይካየድ ከም ዘሎ ዝሓበረ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወኪል ሓላፊ ጨንፈር ብቍሊ ኣቶ ዳዊት ኣንገሶም እዩ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ውሽጡ ብዝራባሕን በብዓመቱ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ብዝሳግምን ኣንበጣ



ኣቶ ዳዊት ኣንገሶም

ምድረበዳ ከም ዝጥቃዕ ብምሕባር፡ ዓመታዊ ከም ዓቢ መደብ ተታሒዙ እኹል ምቅርራባት ከም ዝግበረሉ ይገልጽ። ኣብዚ እዋን ክራማት ናይቲ ዞባ ብምኳኑን ምስ ዘሎ ጽቡቕ ናይ ክራማት ወቕቲ ድማ ዘራእቲ ይኹን ሳዕሪ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ስለ ዝርከብ፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ናይቲ ዞባ ዝተዘርግሐ ኩብኩብታ ኣንበጣ ብምኽሳቱ ንዕኡ ንምቍጽጻር ሓያል ርብርብ ይካየድ ከም ዘሎ ይሕብር። ምስ ዘሎ ጥሉል ክረምቲ ባሕሪ እውን ኣንበጣ ጠቕሊሉ ስለ ዘይጠፍእ ኣብ ዝቕጽል ዘሎ ኣዋርሕ እውን እቲ ስራሕ ቀጻሊ ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ህዝቢ፡ ምምሕዳራትን ሓይልታት ምክልኻልን ብምውህሃድ ለይትን ቀትርን ይምክቱ ከም ዘለዉ፡ ሓላፊ ቤ/ጽ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ሓጎስ ገብረትንሳኤ ይገልጽ። ምስ ስፍሓት እቲ ጎላጉል ዛጊት ብመካይን ኮለላን ምንጻግ



ኣቶ ሓጎስ ገብረትንሳኤ



ኣቶ መሓመድዓሊ ሙሳ

መድሃኒት ጸረ ባልዕን ይካየድ ከም ዘሎ፡ ነቲ ስራሕ ብቐረባ ንምክትታል ድማ ኣብቲ ኣንበጣ ምድረ በዳ ዝርከበሉ ከባቢ ነቑጣታት ብምኽፋትን እኹል ጸረ-ባልዕ ኣብ ግዚኡ ብምቕራብን ገና ኣንበጣ ኣብ ደረጃ ኩብኩብታ ኸሎ ይቈጻጸርዎ ከም ዘለዉ ወሲኹ ይገልጽ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ዝተራእየ ኣንበጣ ምድረ-በዳ ንምቍጽጻር ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ንምፍላጥ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ክኢላ ምክልኻል ብቍሊ ኣቶ መሓመድዓሊ ሙሳ ተወኪስናዮ ኔርና። ኣቶ መሓመድ፡ ከባቢኦም በብዓመቱ ብባልዕ ኣንበጣ ምድረ በዳ ከም ዝጥቃዕ ብምግላጽ፡ ነቲ ኣብ እምበረሚ ዝተራእየ ዕስለ ኣንበጣ ብኣጋ ንምቍጽጻር ዳህሳሳት ክግበር ከም ዝጸንሐን ከም ውጽኢቱ ድማ ብመጠን እቲ ተዘርጊሕሉ ዘሎ ስፍሓት ኣብ ቦታ ሕርሻ ዝኾነ ጉድኣት ከየውረደ እንከሎ



ኣቶ ዓብዱራሕማን ያዕቆብ ዓሊ

መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ብምንጻግ ልዑል ክትትል ይግበረሉ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ክኢላ ምክልኻል ብቍሊ ኣቶ ዓብዱራሕማን ያዕቆብ ዓሊ ብወገኑ፡ መስርሕ ምቍጽጻር ፈለማ ብውሑድ ዓቕሚ ሰብ ከም ዝጀመሩዎ ቀጺሉ ግን ምስ ምስፋሕ ዝርጋሐ ኣንበጣ ምድረ በዳ ተወሳኺ ዓቕሚ ሰብን መካይንን ብምውሳኽ ብዝተኻየደ ምርብራብ፡ ገና ብኹብኩብታኡ እንከሎ ኣብ መጋሃጫን ቦታ ሕርሻን ጉድኣት ከየውረደ ዘድሊ ስጉምትታት ብምውሳድ፡ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሮም ከም ዘእተውዎ ሓቢሩ።

ንልዕሊ ሸሞንተ ዓመታት ኣብ ምንጻግ መድሃኒት ጸረ ባልዕ፡ ተዋፊሩ ዝሰርሕ ዘሎ መራሒ ነጻጊት መኪና መንእሰይ ሳልሕ ዓሊ ኣቡዓሻ ብወገኑ፡ ምስ ዘጥረዮ ተመኩሮ ጠባይ ኣንበጣ ካበይ ተበጊሱ ክሳብ ኣበይ ከም ዘጥቅዕ ጽቡቕ ገይሩ ክፈልጦ ከም ዝኸኣለ ብምሕባር፡ ኣብዚ እዋን ማዕረ’ቶም ክኢላታት ርእሱ ክኢሉ ከም ዘወፍር ሓቢሩ። ወሲኹ፡ “እቲ ስራሕ ኣዝዩ ኣህላኺ፣ ምስ ኬሚካላት ምውዓል እውን ከቢድ’ኳ እንተኾነ፡ ጸላኢ ሓረስታይና ዝኾነ ኣንበጣ፡ ንዓና’ውን ጸላኢና ስለ ዝኾነ፡ ንምጥፋኡ ከይተሓለልና ንሰርሕ ኣሎና’’ ድማ ይብል።

ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረ በዳ ምስ ብጾቱ ዘካይዶ ዘሎ ስራሕ ሕቡን ከም ዝኾነ፡ ነቲ ኣያታቱ ዝገደፍሉ ሕድሪ ምህናጽ ሃገር ድማ ኣጃሙ ብምብርካት ተመክሮ ስራሕ ብምጥራይ ከይተሓለለ ይሰርሕ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ራህዋ ህዝቡ ራህዋኡ ምኻኑ ኣሚኑ ብንጥፈት ይሰርሕ ምህላዉ ሳልሕ ዓሊ ብተወሳኺ ይገልጽ።



መንእሰይ ሳልሕ ዓሊ (ኣቡዓሻ)

ኣመሓዳሪ ከባቢ ጉልቡብ (ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት) ኣቶ ሰዌልሕ ሰሊም ቃናም ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ ብወገኑ፡ “ኣንበጣ ኣብ ሃገርና ይጽፊ፣ ካብ ጎረባብቲ ሃገርና ይምጻእ፣ ብዕቱብ ስለ እንከታተሎ፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኢድን ጓንትን ኴንና፡ ንሓረስቶት ብምውዳብ፡ በብኸባቢኦም ድማ ሓበርቲ (ስካውት) ብምውዳብ መሬትና ካብ ወራር ኣንበጣ ናጻ ንምግባር ንሰርሕ ኣሎና” ብምባል ገሊጹ። ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ ኣንበጣ ኣብ ዝተራእየሉ ቦታታት፡ ንኣባላት ሕርሻ ሓበሬታ ኣብ እንህበሉ እዋን፡ ብቕጽበት ብምምጻእ፡ ዘድሊ መድሃኒት ብምንጻግ ዘካይድዎ ዘለዉ ስራሓት ዕግበት ከም ዝፈጠረሎም ወሲኹ ይገልጽ።



ኣቶ ሰዌልሕ ሰሊም ቃናም

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መሸታ

## ርእሰ-ምምላኽ

### ካብ ምጅማር ክሳብ ምዝዛም




**ምጅማር**

ዝበዛሕና፡ ነቲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ዝመደብናዮን ዝተመባጸዕናዮን ስራሕ፡ ሓድሽ ዓመት ጸንቢልና፡ ወርሒ ጥሪ ክንፍልሞ ኢና እንውሰን። ይኹን እምበር፡ ኣብ ምጅማር ዕጥይጥይ ክንብልን ግዜ ከነባኽንን ንረአ። እዚ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዕንደት በዲህና፡ መደብና ኣብ ዝጠንናዮ ግዜ እንፍልመሉ መገዲ ምፍላጥን ኣብ ምጅማር ዝኽሰት ዘዕነ ስምዒት ጠንቁ ምርዳእን ኣብ ምጅማር ንዝኽሰት ምድንጓያት ከወግድ ይኽእል። ምጅማር፡ ብዛይካ'ቲ ምስ ድኽመትና ዝተሓሓዝ ብድሆ፡ ናይ ባዕሉ ባህርያዊ ክብደት ኣለዎ። ዝኾነ ማሽን ደው ኢሉ ጸኒሑ ስራሕ ክጅምር ከሎ፡ ካብቲ እናሰርሐ እንከሎ ዘወስዶ ጸዓት ንላዕሊ እዩ ዘህልኽ። ንኣብነት፡ መኪና ክትብገስ እንከላ እትወስዶ ነዳዲ፡ ካብቲ ኣብ ጉዕዞ እንከላ እትወስዶ ነዳዲ ብምውድዳር ዝበዝሐ ተህልኽ። ሰብ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ምጅማር ሓድሽ ስራሕ፡ ዝሓየለ ኣድህቦን ዝለዓለ ጻዕርን የድልዮ። መደብና ኣብ ሓሳብ ወይ ወረቐት እንከሎ፡ ግቡእ መረዳእታ ይህልወና ይኸውን እዩ። ኣብ ባይታ ግን ዝተፈልየ ተመኩሮ እዩ። ስለዚ፡ መደብና ኣብ ግብሪ ምስ ወዓለ፡ ንኽንርድኦ ተወሳኺ ሃልኪ ክሓትት ይኽእል።

ምጅማር፡ ብምጥርጣርን ፍርሕን ዝተመልአ መድረኽ እዩ። መደብና ኣብ ሓሳብ እንከሎ፡ 'ክዕወት'ዩ' ኢልና ክንኣምንን ንኻልኦት ከነእምንን ንኽእል ኢና። ኣብ ግብሪ ምስ ተፈተነ ግን ዘይዕዉት ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ ሓደ ካብቲ ኣብ ምጅማር ዝዓበየ ስክፍታ ዝፈጥር ሓሳብ እዩ። ሰብ፡ ንመጻኢ ክምድብን ክዳሎን ዝኽእል በሊሕ ፍጡር እዩ። መጻኢኡ እንታይ እዩ? እንታይ ክጓንፎ ይኽእል? ... ግን ኪንዮ ዝተጸንዐ ግምት፡ ብርግጽ ክፈልጦ ኣይክእልን። እዚ 'ዘይርጉጽ መጻኢ' ኣብ ምጅማር ስራሕና ዘፍርሕን ዘወላውልን ስምዒት ክፈጥር ይኽእል። እንገብሮ ወፍርን ጻዕርን ብዘይ ሓሰብናዮ ኩነታት ከይፈሽል ብምፍራሕ፡ ፍሽለትና ከነደናጉ ክንብል፡ ንምጅማር ከነደናጉዮ ንኽእል። ምጅማር፡ ንቐሊልን ከቢድን ንጥፈታት ዳርጋ ብማዕረ እዩ ዝጸሉ። ሓደ ሰብ ኣብ ንግዲ ኣማኢት ኣሻሓት ገንዘብ ከውፍር ከሎ፡ ንኸይከስር ፍርሒ ክስምዖ ንቡር እዩ። ብተመሳሳሊ ኣካላቱ ብዝሑል ማይ ክሕጸብ ከሎ'ውን ከይቈርር ብምፍራሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ኣብ ምጅማር ዘደናጉየና ወይ ዝብድሃና እምበኣር፡ ክብደት ናይቲ ስራሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ 'ልምዲ' ስለ ዘይምጸንሓና ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምቲ ኣብ ቀዲሙ ክጥቀስ ዝጸንሐ፡ ምጅማር ብባህሪኡ በዳሂ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ዝጸንሓና ዘየስርሕ ልምዲ ዝያዳ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ገለ ካብቶም ንምጅማር ብኣሉታ ዝጽለዉ ልምድታትን ድኽመታትን ምስ እንዝርዝር፤

#### 1- ንጹር ዕላማ ዘይምህላው

ዕላማና ብንጹር ዘይንፈልጦ ምስ እንኸውን ስራሕና ንኽንጅምር ኣዝዩ በዳሂ ይገብሮ። ዋላ እንተ ጀመርና'ውን ኣብ ምቕጻሉ ርኡይ ጸገማት ክጓንፍ ይኽእል። ኣብ ምጅማር፡ መኣዝን ዘፍልጥን ሚዛን ዘትሕዝን ረጃሒ፡ 'ዕላማ' እዩ። ዕላማና ብንጹር ምስ ዘይንፈልጥ፡ ኣብ ምጅማር ንዘጓንፍ ምድንጋራት ክንጽሮ ኣይንኽእልን። ብዘይ ንጹር ዕላማ ዝጅመር ዝኾነ ስራሕ፡ ልክዕ ከም ልጓም ዘይብሉ ፈረስ ናብ ዝኾነ ኣንፈት ክምራሕ ይኽእል። ውጽኢት ስራሕ 'ዕላማ ተሃሪሙ ዶ ኣይትሃረመን' ብምምላስ እዩ ዝግምገም። ካብ ምጅማር ኣትሒዙ ኣንፈቱ ዝሰሓተ ስራሕ፡ ዕላምኡ ክወቅዕ ስለ ዘይክእል፡ ክፈሽል ምሉእ ተኽእሎ ኣለዎ። ናበይ ከም እንኸይድ ምስ ዘንፈልጥ፡ መገድና ክንፍልም ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ስለዚ፡ ቅድሚ ስራሕ ምጅማርና ዕላማና ብንጹር ክንፈልጥ የድሊ።

#### 2- ድኽመት ምሕደራ ግዜ

መደብና ክንሰርዕ ከለና፡ ነቲ ክንጅምሮ እንደሊ ስራሕ ንምዝዛም ዘወስዶ ግዜ ኣጽኒዕና ነቕምጥ ንኸውን ኢና። ኣብ ዝበዝሐ ሰብ ዘርኢ ድኽመት ግን 'መዓስ ክጅመር እዩ?' ንዝብል ሕቶ ብንጹር ዘይምልስ ምኻኑ እዩ። ንዓመታ፡ ድሕሪ ወርሒ ወይ ክልተ ወርሒ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት .... እናበልና እንገብሮ ናይ ግዜ መደብ፡ ኣእምሮና ብንጹር ፈልዩ ስለ ዘይርድኦ፡ ከምቲ ዘለዎ ብፍኩሱ የቐምጦ። ኣብ ገለ ድኳናት 'ሎሚ ልቓሕ የለን፡ ጽባሕ ኣሎ' ዝብል ጽሑፍ ጠቒዖም ንርኢ ኢና። እቲ ጽሑፍ ንጽብሒቱ ምስ ከድና ኣይቀየርን እዩ፣ ግን ከኣ ትሕዝቶኡ ጌጋ የብሉን። ኣእምሮና ኸኣ ንሓበሬታ ብንጹር እንተ ዘይህብናዮ ከምታ ዘለዋ እዩ ዘቐምጣ። ንዓመታ፡ ድሕሪ ወርሒ ወይ ክልተ ወርሒ ኣቢሉ፡ ኣብቲ ወርሒ ሓደ ክጅመር ክፍትን እየ... ዝብል ናይ ግዜ መደብ፡ ንጹር ናይ ምጅማር ሓበሬታ የብሉን። ድሕሪ ዓመት፡ ንኣምሮና ምስ ፈተሽና ከምታ ዘላታ "ድሕሪ ዓመት" እናበለ ክደጋገማ ንረኽቦ። 'ዕለት 11-01-2025 መደበይ ክፍልም እየ' እንተ ኢልና ግን ኣእምሮና ብልክዕ ነዩናይ መዓልቲ ንውከስ ኣለና ከለልን ከዘኻኽረናን ይኽእል።

#### 3- ምስግጋር ስራሕ

ምስግጋር ስራሕ፡ ብብዙሕ ምኽንያት ክብገስ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ናይ ባህሪ ጸገም ማለት ካብ ትህኪት ዝብገስ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ካብ ልዑል ዓቓን ጸቕጢ ኣእምሮ ይብገስ። ምስግጋር ስራሕ፡ ብግቡእ ካብ ዘይምድላውን ፍርሕን'ውን ክብገስ ይኽእል እዩ። 'ዝተረፈ ኣለኒ' እናበልና ምጅማር፡ ርእሰ-ተኣማማንነት ብምጉዳል ኣብ ግዜና ክንብገስ ከጸግመና ይኽእል። ነዚ ኹሉ ንምውጋድ፡ ቅድሚ ምጅማርና ንጹር መደብ ክህልወና፡ ዘድልየና መጽናዕቲ ከነካይድ፡ ትህኪት ኣጥፊእና ናይ ተበግሶ ባህሪ ኣዕቢና ክንጸንሕ ሓጋዚ እዩ።

#### 4- ተገዳስነት ምጉዳል

ኣብ ሓሳብን መደብ ምውጻእን ልዑል ተምሳጥ ጸኒሑና፡ ናብ ስራሕ ክንሰጋገር ከለና ግን ተገዳስነትናን ተምሳጥናን ክጉድል ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ሓሳብና ንምህጣር ኣብ መጽናዕትን መደብ ምውጻእን ልዑል ዓቓን ጸዓት ስለ ዘህለኽና ክኸውን ይኽእል። ስለዚ፡ መደባትና ኣጻፊፍና ናብ ምጅማር ኣብ እንብለሉ ግዜ፡ ንተገዳስነትናን ተምሳጥናን ዘዕቢ ነገራት ክንገብር ተመራጺ ይኸውን። ኣእምሮና ናብ ስራሕ ንኽብገስ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጸዓትን እኹል ተምሳጥን የድልዮ። ኣብ መደባትና ዘለና ተገዳስነትን ተምሳጥን ንምዕባይ፡ ደጋጊምና ብዛዕባ ዕላማን ኣገዳስነትን እቲ ስራሕ ንነብስና ምዝኽኻር፣ ናይቲ ስራሕ ተመኩሮ ምስ ዘለዎም ሰባት ምዕላል፣ እቲ ስራሕ ከምጽኦ ዝኽእል እወታዊ ጽልዋ ብተደጋጋሚ ምሕሳብን ምዝኽኻርን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ከነካይድ ንኽእል።

#### 5- ድኹም ምሕደራ ስምዒታት

ፍርሕን ምጥርጣርን፡ ኣብ ግዜ ምጅማር ዝረአ ንቡር ስምዒት እዩ። ነዚ ስምዒት ብምልኣት ከነወግዶ ኣይንኽእልን ኢና። እንተኾነ፡ ኣእምሮና ኣብ ግዜ ፍርሒ፡ ምጥርጣርን ወጥርን ክሰርሕ ከም ዝኽእል ጌርና ክንምልምሎ የድሊ። ነዚ ዘኽእልና ጥበብ ከኣ 'ጥበብ ምሕደራ ስምዒት' እዩ። ምሕሳብ፡ በይንና ኄንና እነካይዶ ንጥፈት እዩ። ስራሕ ምስ ጀመርና ግን ምስ ሰባት፡ ኣከባብን ግዜን ክንራጸም ኢና። ነዚ ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ ጉዳያት ከነመሓድር፡ ፈለማ ስምዒታትና ከነምሓድር የድሊ። ኣብ ግዜ ምጅማር፡ ክረአ ዝኽእል ስምዒታት ብግቡእ ከነመሓድሮ ምስ ዘይንኽእል፡ ጸቕጢ ኣእምሮ ከስዕበልና ይኽእል። ምጅማር፡ ብርክት ዝበለ ውሳነታት ዝውሰነሉ በዳሂ ደረጃ እዩ። ኣብዚ ደረጃ ዘይተመሓደረ ስምዒታት ምስ ዝህልወና፡ ንናይ ምውሳን ብቕዓትና ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል። ስለዚ፡ ቀዲምና፡ ጥበብ ምሕደራ ስምዒት ክንመልኽ ኣገዳሲ ይኸውን።

#### 6- ፍጹምነት ምብሃግ

ክዕወትን መደባቱ ክጽብቐሉን ዘይደሊ ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። ኣብ መድረኽ ምጅማር፡ ፍጹም ስራሕ ክንሰርሕ ምሕላን ግን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ይዛይድ። ፍጹምነት፡ ንዝለዓለ ቅድመ-ምድላው ዘድርኽ ምኳኑ እወታዊ ሸነኹ እዩ። እንተኾነ፡ ንዝጸንሓና ናይ ምፍሻል ፍርሒ ብምብኣስ፡ ከም ዘይንብገስ'ውን ክገብር ይኽእል። ካብ 'ፍጹም' ግን ዘይተተግበረ መደብ ስራሕ፡ እቲ ኣብ መስርሕ ዝዓበየ ግን ዝተዓመ ስራሕ ዝያዳ ውጽኢት ኣለዎ። ስለዚ፡ ብዝከኣለና መጠን እኹል ምድላዋት ምስ ገበርና፡ እቲ ዝተረፈ ኣብ መስርሕ ክንመሃሮን ክንመሓየሽን ከም ዝኽእል ኣሚንና ክንብገስ የድሊ።




#### 7- ትሑት ርእሰ-ምትእምማን

ትሑት ርእሰ-ምትእምማን ጠንቂ ናይ ዝበዝሐ ቀዲሙ ዝተጠቐሰ ብድሆታት እዩ። ኣብ ምጅማር ዝርአ ባህርያዊ ስምዒታት ፍርሕን ምጥርጣርን ብምግዳድ ከኣ ንኸይንብገስ ክገትእ ይኽእል። ኣብ ርእስና ዘለና ክብርን እምነትን ኣብ እንሓስቦን እንምድቦን መደባት ቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ስራሕ ምስ ጀመርና'ውን፡ ክንቅጽልን ዘይክንቅጽልን ኣብ ርእስና ዘለና ምትእምማን ወሳኒ ተራ ይጻወት። ርእሰ-ምትእምማን ንምዕባይ እኹል መጽናዕትን ቅድመ-ምድላውን የድልየና። ኣብ ርእስና ክንተኣማመን 'ርእስና' ዘተኣማምን ትሕዝቶ፡ ጥበብን ክፉትነት ንለውጥን ክህልዎ ኣለዎ። ርእሰ-ምትእምማን ምስ ተመኩሮ ዝምዕብል ጥበብ ስለ ዝኾነ፡ ዝያዳ ኹሉ ንሓድሽ ትምህርትን ተመኩሮን ዝኸውን ክፉት ኣእምሮ ክህልወና ሓጋዚ እዩ።

#### 8- ኣሉታዊ ባህርያት

ዝበዝሐ ብድሆታት ናይ ስራሕ፡ ኣብ ግዜ ምጅማር ይኽሰት። ምስ ዘለና ሓድሽ ተመኩሮ፡ ኣብ ግዜ ምጅማር ዘጓንፍ ብድሆታት ዝኸበደ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓና። ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ብዙሓት ሰባት ሓገዝን ምትሕባርን ስለዘድሊ፡ ማሕበራዊ ጥበብና'ውን ይፍተን እዩ። ምስ ሰብ ዘየስርሕ ሕማቕ ወይ ኣሉታዊ ባህርያት ምስ ዝህልወና እምበኣር፡ ንመስርሕ ምጅማር ክብድሆ፡ ካብኡ ብዝኸፍኣ ኸኣ ከይጀመርና ከውድቐና ይኽእል። ጽን ኢልካ ናይ ምስማዕ ባህሪ፡ እሩምን ልዙብን ናይ ምብህሃል ክእለት፡ ትዕግስቲ፡ ቅንዕና፡ ትግሃት፡ ንጹር መትከላት ምህላው፡ ንነብስና ምምሳልን ካልእን ባህርያት ምውናን፡ ኣብ ምጅማር ይኹን ኣብ ምቕጻል ስራሕ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ኣብዚ ክንዛዝም። ስራሕ ጀሚርና ኣብ መፈጸምታ ናይ ምብጻሕ ብድሆታት ንዝበዛሕና ስለ ዘሸግረና፡ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ብዛዕባ 'ምዝዛም' ዝድህስስ ክኸውን እዩ። ክንደይ ካብ ዝፈለምናዮ ስራሕ ኣብ መፈጸምታ ኣብጺሕናዮ? ዝመጽእ ሕታምና ዝምልሶ ክኸውን እዩ። ወርሒ ሓደ፡ መደባትና እንፍልመላ ዕውትቲ ወርሒ ክትኮነልና ንምነ። ወደሓንኩም!

# “ንመንእሰያት ኣብ ምምዕባልን ምሕጋዝን ክነጥፍ ባህ እብለኒ !” ፈሪዳ ድግለል

ገርጊስ ፍቓድ ድራር

ኣህጉራዊት ዲዛይነር (ክኢላ ቅዲ-ክዳን) ፈሪዳ ድግለል ኣብ ከረን ተወሊዳ፡ ኣብ ወሸጢ ሃገር ብምኽንያት ባህሪ ስራሕ ኣቦኣ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኤርትራ እናተዘዋወረት ክትዓቢ ዕድል ዝረኸበት፡ ኣብ እዋን ግርዘወናኣ'ውን ብሸኺ ስደት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ወጻኢ ዝጸሓተት፡ ብዘተፈላለየ ተመክሮ ህይወትን ብደሃይታትን ሓሊፋ ብጾዕራ ዝተፈላለየ ሞያ ዘጥረየት፡ ዕውትትን ኣበታዊትን ሰብ ኢያ። ኣብዚ እዋንዚ ከኣ “ዝለዓለ ደናት ጸጋን ዓቕምን ኣብ ሃገረይን ንደቂ ሃገረይን ኣብ ምሕጋዝ ከውዕሎ እየ” ብዝብል ሃገራዊ ኒሕን ዕላማን ተደሪኻ ግብራዊ ተበግሶ ብምውሳድ ምስ ሞያኣ ዝተኣሳሰር ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ትርከብ። ወ/ሮ ፈሪዳ ድግለል ኣዲ ሰለስተ ደቂ ብምዃና ንመንእሰያት ምሕጋዝ፡ ክምዕብሉን ክዓብዩን ምርኣይ ዝያዳ ባህታ ከምዝፈጥረላ ትዛረብ። ብተወሳኺ ብውልቕን ብጎቦማ ንዝተፈላለዩ ሱታፍነውያን ኣብ ምትብባዕ ካብ እተካይዶ ንጥፈታት፡ ኣብ ኣስመራ ዝበረቶ ምትእኽኻብ ሱታፍነውያን መንእሰያት “ቦባ ባንድ” ከም ግብራዊ ኣበነት ኪጥቀስ ይከኣል።



ፈሪዳ ድግለል

ወፍሪ ኣብ ምምዕባል መንእሰያት ዘኣድ ተበግሶን ቅዱስ ዕላማን ኢዩ። ንሳ ብተደጋጋሚ ከም እትገልጾ፡ ኣብ ኩሉ ሞያዊ ስርሓታ ክብሪ ሃገራዊ ባህልን መንነትን ምዕቃብ ቀዳምነት ዝወሃቦ ጉዳይ ኢዩ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ከም መበገሲ ሞያዊ ንጥፈታታ ምስ ቅዲ ክዳንን ስጉምቶን ዝተኣሳሰር ሞያዊ ስልጠናን ካልእ ኣገልግሎታትን ዝህብ፡ ኣብ ሓደ ዓቢ ሸላ ዝተደኮነ “ፈሪዳ ዲዛይን” ዝተሰምየ ትካል ከፊታ ኣላ። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ማእከል ስልጠና ብሓፈሻኡ መንእሰያት ብፍላይ ከኣ ደቀንስትዮ ርእሰ ምትእምማን ዘሕደረለን ሞያዊ ብቕዓት ከምዝውንናን መሰብሮአን ከምዝመሓየሻን ንምግባር ኢዩ።



መበዝሕቱ ጊዜ ሕብረተሰብና ንምርኢት ሰራሕቶም ቅዲ-ክዳናትን በቲ ኣብ ሃገራት ወጻኢ መራኸቢ ብዙሓን ዘርእይዎ ጥራይ ሰለዝፈርዶ ሚዛናውን ቅኑዕን መረዳእታ ይጎድሎ። ሞደሊን ወይ (Fashion show)፡ ምርኢት ሰራሕቶም ቅዲ ኣልባሳትን ማዕረን ልዕልን እቲ ግዳማዊ ጸባቕ ዘኸይድ መግዛኢ ወሸጣዊ ጸባቕ ኣለዎ። ሓደ መጽሓፍ ብበርገ ኣርእስቱን ጥራይ ከምዘይፍረድ ሓንቲ ሞዴል ከኣ ልዕሊ'ቲ ግዳማዊ ጸባቓ ከተንጸባርቖ ዝግበኣ ርእሰምትእምማን፡ ፍልጠት፡ ልቦና፡ ብስለት ኣካልዳ፡ ምልክት ቋንቋ ዘኣማስሉ ሱታኣቕምሮኣዊን ተግባዚዎኣውን ብቕዓታት ክህልዋ ኣለዎ፡ ምኽንያቱ፡ ብጥዩሙ ጸቡቕ ብወሸጡ ግን ባዶ ጥቅሉ ፋይዳ ሰለዘይብሉ።

ኣብ ማእከል ስልጠና “ፈሪዳ ዲዛይን” ዝሰልጠናን ዝሰርሓን ዘለዋ ናይ ሞዴልነት፡ ሰራሕቶም ምርኢት ቅዲ-ክዳናትን ዝዓበለ ዘለወን ግዱሳት ደቂ ኣንስትዮ ዝበዝሓ ካብ ከተማ ከረንኳ እንተኾና፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ኣስማጥን ሓጋዝን ዝመጽኣ ሰልጠንቲ'ውን ምህላወን ከም መርኣያ ናይ'ቲ ማሕበረ ባህላዊ ምትሕውዋስ ሕብረተሰባዊ ሃገራትናን ከም ኣበታዊ ተበግሶ ሓፈሻውን ኣሳታፍን መደብ ፈሪዳ ከረአ ይኽእል። እቲ ስልጠና ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ኢዩ ዝወሃብ ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ስታድዩም ከረን ኣብ ዝተኻየደ ጸምባል ዕለተ ናጽነት 23 ግንቦት 2024 ኣብ መንጎ እቲ ካልእ መደባት ጸምባል ምርኢት ኣልባሳት ተሸሪታትኣን ብዘራትና ኣቕሪባ ምንባራ'ውን ተጠቃሲ ኣበርክቶ ኢዩ።

ብዕለት 7 ታሕሳስ 2024 ከም መሳሊየን መርኣያን ናይቲ ትካልን ንጥፈታቱን ናይ መጀመርያ ምርኢት ቅዲ ኣልባሳት ብሰልጠንቲ ሞዴላት ቀሪቡ ነይሩ። እቲ መደብ ብትሕትና ዘሰዖ ኣካልዳ ፈሪዳ ኣዘዩ መጉኢታውን ወግዓዊ ማጠቓለኺ እንተተባህለ ንዕዱማት ዝመሳጠ ብደረጃ ዞባ ንመጀመርያ እዋኑ ዝተኻየደ ብምዃኑ ፍሉይነት ነይርዎ። ኣብዚ መደብዚ ሚኒስተር ፍትሒ ወ/ሮ ፎዝያ ሃሽም ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ዞባን ግንባርን፡ ወከልቲ ዝተፈላለያ ጨናፍር ሚኒስትሪታት፡ ካብ ኣስመራ ዝመጽኡ ህቡባት ሱታፍነውያንን ወለዲ ሰልጠንትን ዝርከብዎም ናይ ክብሪ ዕዱማት ተረኺቦም ነይሮም።

እቲ ምርኢት ቅዲ-ኣልባሳት ብሓፈሻኡ ንሃገራዊ ባህልና፡ ብፍላይ ከኣ ንባህላዊ ኣኩዳድና ባህልን ብዙሕነትን ዞባ ዓንሰባን መታሕትን ብዘወቅል ኣገባብ ዝተዓለወ ብምንባሩ ኣብ ተዓዘብቲ ተምሳጥን ጦብላሕታን ዝፈጠረ ነይሩ። ምርኢት ሰራሕቶም ቅዲ-ክዳናትን ዘበዝሐ ከምቲ ኣብ መሳኸቲ ቴለቪዥንን እንርእዮ ደረተኛን ካልእ ኣካላተኛን ዘቃልዕ ክዳን ዝተኸደና ሞዴላት ምርኣይ ዘይተላሙ፡ ብኣንጻሩ ንባህላዊ ክዳን ሃገርና ብዘኽብር ቅዲ ብምምሕያሽ ተራዲሙ መሳጥነት ብዘለዎ ኣገባብ ኪቐርብ ከምዝኽእል'ውን ዘርኣየ መድረኽ ኢዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ሎሚ ብሸፋዚ ዓይነት ጥበብ፡ ዕንበት፡ ብሱል ሃገራዊ መረዳእታን ንቕሓትን ዝጠፍኣ ዘለዋ ምጨዋት

ጉራዙና ከኣ ኣብ መጻኢ ንዞባ ዓንሰባን ሃገርናን ወኪለን ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃን ዓለምን ተወዳዲረን ብለጽነተንን ዓወተንን ከረጋግጻ ከምዝኽእላ ኣይጠራጠርን።



ኣቦቲ ናይ ምምራቕ ኢጋጥሚ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ኣብ ዘሰመዮ ናይ ምትብባዕ መልእኽቲ “ፈሪዳ ኣብ ዞና ደሙቕ ሽግ ወሊዓ። ሰለዚኺ ዓወትን ኣሰልጦን ንምኘልኪ” ብምባል ዘወሰደቶ ተበግሶን ንጥፈታታን ብምድናቕ ካልኦት ሃገራውያን'ውን ኣበታ ተኸቲሎም ተመሳሲ ወፍሪ ኪገብሩ ጸዊዑ። ንሰልጠንቲ'ውን ሰፍሕ ዝበለ መግለጺን ኣማእዚ ምኽርን ሂቡ።

ክብርቲ ሚኒስተር ፍትሒ ወ/ሮ ፎዝያ ሃሽም'ውን ኣብቲ ኢጋጥሚ፡ ንተበግሶ ፈሪዳ ክትገልጽ ከሎ ዝበራ ቦታን ትሕዝቶን ብምግንዛብ ብውልቃውነት ዘይትካ ብትሕትና ኣብ ሃገራ ፍቕራ ተቐቢልኪ፡ ውሑስ ዝኾነ መጻኢ፡ እትዝክረሉ ታሪኽ ከኣ ክህልወካ ብዝብል እምነት ኣብቲ መጀመርያ ክትጠበሰ ከሎ ገለ ከበርክት እሞ እዩት እንተተረኽበ ከኣ ዝኽታማት ደዩ ንኻልኦት ጸገማት ሓገዘ ከበርክት ዝብል ሰናይ ሓሳብ ከምዝበራ ጠቒሳ። እቲ እትገብሮ ኣበርክቶ'ውን ብኢታዊታት ክትትምኖ ሰለዘይትደለ ብዙሕ'ውን ሰለዘይትሰርሓሉ ዝ ተበግሶኣን ቅዱስ ዕላማኣን ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ እቲ ክትገብሮ እትደሊ ንጥፈታት ዝያዳ ኣድማዕነት ክህልዎ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ኢላ ኣብ ዞባታት ጋሸበር፡ ሰሚናውን ደብባውን ቀይሕ ባሕራ፡ ዓንሰባን ደቡብን ወረዳ ክትገብር ከምዝሓሰበ ከምዝቶምሻረታ ጠቒሳ፡ ፈሪዳውን ዝ ምኽራዚ ተቐቢላን ኣሚናትሉን ብዞባ ዓንሰባ ጀሚራ፡ ንቕጽሊ'ውን ዝተበገሰትሉ ዕላማ ሹፍኡ ንኽወቕዕ ኣብ ካልኦት ዞባታትን ክሳብ ንኡሳን ዞባታትን ብምኻድ ክትሰርሓሉ ሓሊና ምህላዋ ትሕብር። ሳላ ጻዕርን ተወፋይነትን መንግስቲ ብኣገልግሎትውን ልምዲታውን መደብት ጽርግያ ዘይብላን ማኪና ዘይትኣትዋን ዓዲ ስለዝካ ከኣ ንምብጽሖን ኣተባባዒ ኩነታት ምህላዉ ትገልጽ።

ሚኒስተር ፎዝያ ንሰልጠንቲ ኣብ ዝሃበቶ ምኽራ፡ ኣብ መልክዕ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ብቑዕነት ከሰርዕ ዘለዎ ርእሰ ምትእምማን ኢዩ። ርእሰ ተኣማንነት እንተዝልዩ ሃፍሻ ክትትክእል፡ ክትመሃር፡ ክትምዕበል፡ ንኻልኦት ዘይትካ ርእሰኻ ክትመሳል ከም ዝጥየት ብኣቤታት ኣሰንያ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪባ። እቲ ዝድነቐ ርእሰ ተኣማንነት፡ ከም ደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ዘይትካ ከም እትብ ሰድራቤትን ሕብረተሰብን ክንከይድ ዝበል ምኻኑ'ውን ኣብሪሃ። ብፍላይ ንኣፍሪቃይነት ብዝምልከት ከኣ፡ ኣፍሪቃይነት ናይ ሕብረተሰብና ምቕጻል ኣብ ምዕቃብ መንነትናን ክብርታትናን

ብሞያውያንን ብሕግን'ውን ከረአ ከምዝለዎ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መዛዘሚ ንሰልጠንቲ “እኸኸን ፍርያት ናይዚ ሕብረተሰብ ኢኽን። እቲ ናትክን ጸባቕ፡ ወሸጣዊ ጸባቕ ከኣ ብትምህርቲ ብሞያ ተደሪው ዝምዕብል፡ ካልኦት ናይ ዘፍረይዎ መበለጺ ዘይከውን፡ ብናታትክን ርእሰ-ተኣማንነትን መንነትን ዘህልዉ ሰለዝኾነ ተበግሰክኻሉ ዘሎኽን፡ ነቲ ዝተፈጥረልክን ዕድል ናይ ትምህርቲ ተጠቒምክን ከኣ ሰብ ሞያ ኩሉ መዳያዊ ኮይንክን ኣብቲ ናይ'ታ ምእንትኻዚ ባህሊ'ዚ ምእንቲ'ዚ ክብረት'ዝን ህላወን ናይ ዝተፈጥረት ሃገር፡ ናታ ፍርያት ሰለዝኾንክን ከኣ ዋርሳይ ክትኮና፡ ከምቲ ኣቦታትና ዝጠቐስክዎ ንሕና'ውን ካብኦም ቀዳሞት ብዑትና ከም ብዓል ኣምባሳደር ዓብደላ ዝወረስናዮ ፍቕሪ ትሕትና፡ ርእሰ ተኣማንነት ተወፋይነት ንህዝቢና ኣብ ጥጡሕ ባይታ ምቕማጥ፡ ኣብ ወርቂ ዝኾነ መድረኽ ተቐሚጥክን ሰለዘሎኽን ወርቂ ከኣ ኩሉ ጊዜ ምኽኣብ ሰለዝደሊ ክብርታትክንን መንነትክንን ኩሉ ዕዱብ ክትቅጽላ ምዃንክን እተኣማመን” ብምባል ኣተብቢዒ ለበዋኣ ኣመሓላሊፋ።

ኣብቲ ትካል ጸዑቕ ስልጠና ወሲደን ከም ሞዴልን ኣሰልጠንትን ኮይነን ዝሰርሓ ዘለዋ ምሩቓት ኮለጅ ዝኾና ሞያውያን መንእሰያት ዊንታና ማእከለን ሰገን ሰለሙንን ንሓፈሻዊ ጦብላሕተአን ብዝምልከት ተወከሰናየን ነይርና።

ዊንታና “ ካብ ጊዜ ህጻንነተይ ጀሚረ ባህገን ዝነበረን ናይ'ዚ ሞያዚ ሰለዝበረ ኣብ ሳዋ ሳመስያ ተጠቒምና ዝበርናዮ ሞዴሊን፡ ከምኡ'ውን ብስራሕ ኣብ ዓጽዕ ኣብ ዝበርኩሉ እዋን ብኢጋጥሚ ሓደሽ ዓመት ብናይ ሓንቲ ዲዛይነር ጠለብ ከም ሞዴላት ኣልባሳት ኣርኢናላ ነይርና። ናይ 10 ኣዋርሕ ናይ ቅዲ ኣልባሳት (ዲዛይኒን) ስልጠና'ውን ወሲደ ነይረ። ገለ ዲዛይነራት ምስ ዝዓበኻሉን እትወቅሉን ባህሊ ዘይከይድ ኣኩዳድና ሰለዝጠልቡ እቲ ናይ ሞዴልነት ስራሕ ኣዋዲቓዮ ነይረ። ምስ ምምጻእ ፈሪዳ ግን እቲ ናታ ንጹር ራእይ ሓሳባትን ንምምዕባል መንእሰያት ደቀኣንስትዮ ዝኸፈተቶ ዕድልን ንማቁኣዊ ሃገራዊ ባህልናን ማሕበራዊ ክብርታትናን መንነትናን ብዘጻብርቕ ዝባበር ምዃኑ ኣዘዩ ሰለዘማስጠኒ ብምሉእ ዕግበት ተጸንቢረያ ኣሎኹ” ብምባል ትገልጽ።

ሞዴል ሰገን'ውን ብወገና “ናይ ሞዴልነት ምዃን ልዑል ባህገን ዝነበረንኳ እንተነበረ እዚ ዕድል'ዚ ኣብ ኣስመራ ደኣ'ምበር ኣብዚ ከይንኻ ክትኣስሮ ኣብ ባይታ ዘይትግበር ሕልሚ ኢዩ ነይሩ። ዕድለኛታት ኮይና ከኣ ፈሪዳ መተባብሮኣ ገዚኣን ደቃን ገዲፋ፡ መንነትን ባህልን ሃገረይ ንምዕቃብ ደቂ ሃገረይ ከሰልጥን ኢላ ንኸሉ ብደሃይታት ሰጊራ ኣብ ዞባ ዓንሰባ እዚ ዕድል'ዚ ሰለዘኸፈተትልና ባህግና ሰሚሩ ኣሎ። እቲ እንወስዶ ትምህርቲ ዕቱብን ንመጻኢ መሰረት ዘንብርን ኢዩ። ዲሲፕሊን ሱምምዮርን፡ ምቕሉልነትን ትሕትናን፡ ሱኣመጋግባ፡ ስልጠና ሱልቦናን ካልእን ዘጠቓልል ብኹሉ መዳያት እኹል ምቅርራባትን ስልጠናን ብምውሳድ ርእሰምትእምማን ብምህናጽ እታ ልክዕ ሞዴል ኣርኣያ ሕብረተሰብን ሃገርን ንምዃን ተኣማሚንና ንሰርሕን ንምልመልን ኣሎና” ኢላ።

ኣብዚ እዋንዚ ሞያ ንጥፈታት ሞዴልነትን ምርኢት ቅዲ-ኣልባሳትን ብደረጃ ዓለም ናይ በልዮናት ዶላራት ኣታዊ ዘኻዕብት ኢንዱስትሪ ኢዩ። ገሉ ገለ ዘተወከሰናዮም ወለዲ ሞዴላት'ውን ብዛዕባ ሞያ ሞዴልነት ቅድም ዝበርም ኣረኣእያን ሕጂ ዝቐሰምዎ መረዳእታን ዝተፈላለየ ብምዃኑ ተኣማሚናም ደቆም



ንስልጠና ደሊኦኩ ከምዝለወ፡ ካልኦት'ውን ክተባብዑ ከምዝኾኑ ይገልጹ። ኣብ መንጎ እቲ ማእከል ስልጠናን ወለድን ኩነታት ደቆም ናይ ምክትታል ግሉጽነት ዘለዎ ዕቱብን ቀጻልን ርክብ ምህላው ከኣ ዘቕስን ኢዩ ይብሉ።

ኣህጉራዊት ዲዛይነር ፈሪዳ ካብቲ ቀንዲ እትገቶቶሉ ብቐዳምነት ዚጥቀስ ማብቆዓውነት ኣብ ምዕቃብ ዘተኮረ ኢዩ። ንመመላኽዒ ተባሂሉ ዝግበር ኣሉታዊ ሳዕቤናት ዘለዎ ክሬማትን ካልእ ኬሚካላዊ ነገራትን ኣወጊዱኻ ባህርያዊ ነገራት ብምጥቃም ጥዕናን መልክዕን ቀርበት ዝሕለወሉ ግብራዊ ስልጠና ትህብ ኣላ። ሎሚ ኣብ መበል 21 ክፍለዘበን ሰለዘሎና እቲ ብኻልኦት ተባሂሊ ዝኾነ መብቆዓዊ ኤርትራዊ ሕብሪ ቀርበትና ከኣ ክንኣምኖ፡ ከደንቕን ክንፈትዎን ከምዝግባእ ኣገዚቡ። ብኣካል እንተተዓዚብኻ'ውን መግቢ ገዚኣ ይኹን ናይ ስራሕ ቦታኣ ብምፍጻት ባህርያውያን ኣግራብን ቆጥቋጥን ዘይጸ ኢዩ። ኣደናቒት ተፈጥሮ ብምዃና፡ ኣብ ልምዓት ጀርዲንውን ፍሉይ ተገዳስነት ሰለዘለዋ ኣብ ዓዲ (ኮበ ሻርካ) ጀርዲን ንምልማዕ ትነጥፍ ኣላ። ኣብ ወጻኢ ዝበረ ምቑጽ መተብብሮን ርብሕ ኣታዊ እተረኽበሉ ንጥፈታትን ጠንጢና፡ ኣብ መብቆዓዊት ሃገራ ብሕልና እትምራሑ ወፍርን ጻዕርን ተካይድ ምህላዋ ከኣ ንካልኦት'ውን ኣብነት ኪኸውን ዚኽእል ዘኣድን ዝደናቐን ተበግሶ ኢዩ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ትምህርቲ ብዓል ድኳን ዛንታ

## ሳልሳይ ክፋል

ተመስገን፡ "ሕራይ፡" ኢሉ ብጉያ ናብ ገዝኡ ኣተወ። ቦርሳ ከፊቱ ድማ ገንዘብ ርኣየ። "እዋእ ካብ ዓሰርተ ናቕፋ ዘወስድ ከም ናይ ትማሊ እንተተጋገየ ሓምሳ ናቕፋ ሒዘ ዘይከይድ፡" ብምባል ኑቲ ዝነበረ ሽሩፍ ገዲፉ ሓምሳ ናቕፋ ሒዙ ካብ ገዝኡ ወጽአ።

"ማማ ከይደ፡" ኣብቲ ካንሸሎ ምስ በጽሐ ተዛረበ ተመስገን።

"ክንደይ ወሲድካ?" ሓተተት ወ/ሮ ለምለም። ናብቲ ዝተቐረበ ጥስቲ ማይ እናፍሰሰት።

"ሓምሳ ናቕፋ፡" መለሰላ ናብቲ ኣፍደገ ካንሸሎ ገጹ እናሰጎመ።

"እዋእ ዓሰርተ ናቕፋ የለን ድዩ?" ተገሪማ ሓተተት።

"ኣጋጣሚ ንሳ ኣብ ቀረባ ጸኒሓትኒ፡" መሊሱላ ብጉያ ናብ ዱኳን እንዳ ኣቦይ ጕራሕ ከደ። 'እዋይ ሎሚ ድማ፡ ኣቦይ ጕራሕ እንተዝጋገ፡' እናበለ ድማ ኣብታ ድኳን በጽሐ። ኣቦይ ጕራሕ ናይ ምፍጻይ ልምዲ ስለ ዘለዎም፡ እናኣፋጸዩ ነቲ ኣብ ጣውላ ዝነበረ ዝሸየጥ ነገራት የመሓድሩ ነበሩ።

ተመስገን ናብታ ዓባይ መነጸር ናይ ኣቦይ ጕራሕ እናጠመተ፡ "ከመይ ሓዲርኩም?" ሰላምታ ኣቕደመ። በቲ ናይ ትማሊ ዝሕለፎ ግዜ ተሓጕሱ ሎሚ ድማ ኣቦይ ጕራሕ ክጋገዩ ብውሽጡ ይጽሊ ነበረ።

"እግዚኣብሄር ይመስገን ተመስገን ወደይ ንስኻኸ ከመይ ሓዲርካ?" ሰላምታ ለጊሶም ቁሊሕ ኢሎም ጠመትዎ።


"እግዚኣብሄር ይመስገን። ሓንቲ ኦሞ ደልየ ነይረ..፡" ክዕድጎ ዝደለየ ሓበሮም።

"ኦሞ ኣሎና። ዓቢ ደሊኻ ንእሽቶ?" ሓተቱ ነቲ ኣብ ገጹን ጸጕሩን ዝነበረ ደሮና እናጠመቱ።

"ዓቢ፡" መለሰ ነታ ድኳን ብዓይኑ ኮሊሉ እናተዓዘበ።

"ዓቢ ኦሞ ዓቢ....፡" በሉ፡ ካብቲ ኦሞ ተሰቒሉሉ ዝነበረ ቦታ ተመጣጢሮም ብምውራድ ኣቐበልዎ።

ተመስገን፡ ኦሞ ምስ ተቐበለ ነታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ሓምሳ ናቕፋ ኣቐበሎም። ኣቦይ ጕራሕ ነታ ዝተቐበልዋ ሓምሳ ናቕፋ ኣብ ካሳ ድሕሪ ምእታው ማልስ ቀጺሮም ኣቐበልዎ። ከምታ ኩሉ ግዜ ዝብልዋ ድማ፡ "ቍጸረን" በልዎ።



ተመስገን፡ "ሕራይ፡" ኢሉ ነተን ዝሃብዎ ገንዘብ ቈጺሩ ድሕሪ ምውዳእ፡ "ኦሞ ክንደይ ድዩ?" ሓተተ ገጹ ኣሲሩ። ማልስ ስለ ዘወሓዶ ተደናገረ።

"ሸውዓተ ናቕፋ፡" መለሱሉ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመቱ።

"እሞ ማልስ ግን ዓሰርተ ሓደን ሓምሳ ሳንቲምን ኢኹም ሂብኩምኒ ዘለኹም!" ኣጕረምረመ ነተን ገንዘብ ደጋጊሙ እናርኣየ።

"እወ ንሱ'ዩ ማልስካ ዘወደይ፡" መለሱ ከምታ ኣመሎም ኣዒንቶም በታ ልዕሊ መነጸር ኣሕሊፎም እናጠመቱ።

"ከመይ ገይሩ? ኦሞ ሸውዓተ እንተ ኾይኑ፡ ማልሰይ ድማ ኣርባዓን ሰለስተን'ዩ ዝኸውን። ተጋጊኹም ኣለኹም፡" ህርመት ልቡ ዛየደ።

"ኣይተጋገኹን ተመስገን ወደይ፡" መለሱ ኣብታ ጣውላ ብብርኪ ኢዶም እናተደገፉ።

"ተጋጊኹም እምበር ማልሰይ እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡" ነዲሩ ተዛረበ። ነብሱ ዘርግርግ ክትብል ተፈለጠቶ። ዓቕሉ'ውን ጸበቦ።

"ሳጓይ ዝረስዓካዮ ትመስል። ኣነ! 'ኣቦይ ጕራሕ፡' እየ ዝበሃል። ብኸመይ ኣቦይ ጕራሕ ከም ዝበሉኒ ድማ፡ ዝጠፍኣካ ኣይመስለንን። ስለዚ፡ ማልስካ ንሰን እየን፡" እንተ ተረድአ ኣንፈት ሃብዎ። ተመስገን ግብሩ ክዝክር ይደልዩ ነበሩ። **ይቕጽል...**

# ዕዉታት ስእልን ግጥምን ተሸሊሞም!

ፍቱዋት ተመሃሮ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2025 ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ስእልን ግጥምን ውድድር ኣካይድና ምንዛርና ይዝከር። ኑቲ ዝተጐበረ ውድድር መዕጸዊ ንምጒባር ብዕለት 05-01-2025 ኣብ ኣዳራሽ ኤርትሮ ጀርመን ጽምብል ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ ዝተጐበረ ምዕሩግ ጽምብል፡ ኣዳራሽ ኤርትሮ ጀርመን፡ ብተመሃሮን ወለዲን፡ ታሕትን ላዕልን ካብ ጻት ናብ ጻት መሊኡ ነበረ።

መደብ፡ ብተመሃሪት 8ይ ክፍሊ፡ ኣቢጋይል ኤፍሬም ብዘኽረ ሰማእታት ተኸፊቱ።

ድሕሪ ዝኽሪ ሰማእታት፡ ናይ 16 ደቓይቕ ቪድዮ ተራእዩ። እቲ ቪድዮ ኣብ መስርሕ ምምማይን ፈተናን ናይ ተወዳደርቲ ዝነበረ ኮይኑ ዕዱማት ብልዑል ተመሲጦ ተዓዚቦምዎ።

ካብዚ ብምቕጻል ናብ መድረኽ ዝደየቡ ካብ ወለዲ ተወዳደርቲ ዶክተር ኣርኣያ ብርሃ እዩ። ዶክተር ኣርኣያ፡ "....ተወሳኺ ካሪክለማዊ ንጥፈታት፡ ስእሊ፡ ስፖርት፡ ድራማ፡ መዚቃ ....ኣብ ተመሃሮ ዘለዎ ጽልዋ ዓቢ ምኳኑ ብሳይንስ ዝተረጋገጸ'ዩ። ስለዚ ዓምዲ ተርመማ ከምዚ ዓይነት መደብ ኣዳልያ ንተመሃሮ ብቐዓቶም ክምዘፍትሹ ምግባራ ኣድንቐ። ከምዚ ዓይነት



መደብ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ክንዲ ዝኸውን ክበዝሕ እላቦ። ... ንኣዳለውቲ ስለቲ ዝገበርዎ ዓቢ ጻዕሪ ብልቢ ኣድንቐ...፡" ብምባል ሓሳቡ ኣካፊሉ።

ድሕሪኡ፡ ጆሚ/ ደጀን ተኽለ ናይ ግጥሚ ጸብጻብ ንምቕራብ መድረኽ ተረኪቡ። ጆሚ/ ደጀን፡ ብዛዕባ ግጥሚ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ".... ኣብ መንጎ ተመሃሮ ዝነበረ ናይ ግጥሚ ውድድር ምስ ዕድመኦም ኣረኣኢኻ ኣዝዩ ንኡድ ነይሩ።

ዕድመኦም ኣብ ግምት ኣእቲኹ ከምዚ ዓይነት ግጥሚ እሞ ድማ ኣብ ዝተወሰነ ሰዓት ክገጥሙ ምኽኣሎም፣ ተኣኺቲ ገጠምቲ ይፈርዩ ምህላዎም ይርኣየ። ስለዚ ንኹልኹም ተሳተፍቲ እንቋዕ



ኣሐጎሰኩም። ግጥሚ ብትምህርቲ ክስነ ስለዘለዎ ተመሃሩን ኣንብቡን...፡ ካብ ዝተሳተፉ 60 እቶም 15 ብምርካቦም ሓደ ኣርእስቲ ተዋሂብዎም ኣብ ሓጺር ግዜ ክምዝገጥሙ ተገይሩ። ካብቶም ዝተረኽቡ ድማ ሰለስተ ተመሃሮ ክምዝዕወቱ ተገይሩ ኣሎ።...፡" ብምባል ጸብጻቡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ጆሚ/ ደጀን ተኽለ መድረኽ ዝተረከበ ቀባኣይ ሳምንዳሪ የሴፍ እዩ። ንሱ፡ "... ካብቲ ዝተቐበልናዮ 239 ስእልታት ክንምገዝቦ ዝኸኣልና፡ ኣዝዮም ንፉዓት ቀባእቲ ይፈርዩ ምህላዎም እዩ። ቡብደረጃ ተኸፋፊሉ ብምንባሩ ኑቲ ስእሊ ንኽትመሚ ዘሸግር ኣይነበረን። ምስ ዕድመኦም ድማ እቲ ብቕዓት እናሓየለ መጺኡ። ብፍላይ ኣብ ናይ 2ይ ደረጃ ተመሃሮ ዝነበረ ስእልታት ሓደ ካብቲ ሓደ ክትፈልዮ ኣሸጋሪ ነይሩ። ስለዚ እዚ ገይርናዮ ዘለና ፍርዲ ናይ መውዳእታ ዘይምኳኑ ክሕጸር ንደሊ። ኣብ መውዳእታ ሸውዓተ ተመሃሮ ክምዝተዓወቱ ገይርና ኣለና። እዞም ሸውዓተ ድማ ቀዳሞት እዮም። ኣብ ቀጻሊ ካብዚ ንላዕሊ ንኽበርክቱ እናጸዋዕኑ ኣብ ቅድመኹም ኮይነ ነዚ ጸብጻብ ምቕራብይ ሓጎስ እስመዓኒ፡" ብምባል ሓሳቡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ሳምንዳሪ፡ ናይ ክብሪ ዕዱም ስነ-ጥበበኛ ብርሃነ ኣዶናይ መድረኽ ተረኪቡ። ኣቶ ብርሃነ፡ "ብመጀመርታ ከምዚ ዓይነት ናይ ውድድር ዕድል ረኺብኩም ክትውዳደሩ ምኽኣልኩም እንቋዕ ኣሐጎሰኩም ክብል እደሊ። ከምዚ ዓይነት ውድድር ንዕበየትኩም ኣብ ስነ-ጥበብ ወሳኒ ስለዝኾነ ክድፍኣሉ ይግባእ። ስነ-ጥበብ ኣዝዩ ሰፊሕ ዓውዲ እዩ። ዘይኣትዎ ሞያ የለን። ኩሉ ናይ ዓለምና ምህዞታት ውጽኢት ስነ-ጥበብ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ሰፊሕ ዓውዲ ኣበርቲዕኩም እንተሰሪሕኩም ከምእትዕወቱ ኣይጠራጠርን እየ። ኣዝዩ ዘደንቕ ስእልታት ክርኢ ጸኒሑ። በዚ ዝተዓዘብኩዎ ተገሪመ። ኣዚኹም ንፉዓት 'ሰኣልቲ ኣእዳው' ከምዘለዋኹም ተረዲአ ኣለኹ። ስለዚ ንዘለኩም ክእለት ብትምህርቲ ክተሰንይዎን ብቐጻሊ ክትለማመድሉን እናተላበኹ፡ ደጊመ እንቋዕ ኣሐጎሰኩም ክብለኩም እደሊ፡"

ቀጺሉ ናይ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣሰናዳኢ ነበር ኣቶ ኣስፍሃ ተኽለማርያም መድረኽ ተረኪቡ። ኣቶ ኣስፍሃ፡ "መም/ ያቆብ መርሃዊ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣበርክቲ ጽሑፋት ነይሩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ኣዳላዊ ዓምዲ ተርመማ ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ....ኣብ ስርሑ ግዱስ ሓያሲ ነገራት ኣብ ምትእትታው ንጡፍ እዩ። ክሳብ ሕጂ ብርክት ዝበሉ ውድድራት ኣካይዱ ኣሎ። እዚ ድማ ዓምዲ ተርመማ ተፈታዊት ካብ ዝኾነርዋ ሓደ እዩ። እዚ ናይ ሎሚ መደብ ድማ ኣዝዩ ዘርርም እዩ። ኣዳራሽ ክሳብ ዝመልእ ሰቡት ዓዲምካ ከምዚ ዓይነት ንኡድ መደብ ክተካይድ ዓቢ ክእለት እዩ። ስለዚ ንመምህር ያቆብ ስለቲ ጻዕሩ ኣመስግን።... ተመሃሮ ድማ ካብቶም ዝቐርቡ መደባት ገለ ነገር ትቐስሙ ክትህልዉ ብዓል ምሉእ ተስፋ እየ። የቐንየለይ!" ብምባል መደርኡ ዛዚሙ።

ኣብ መውዳእታ ኣዳላዊ ዓምዲ ተርመማ፡ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) መድረኽ ተረኪቡ። ንሱ፡ "ብመጀመርታ ግዱሳት ወለድን መምህራንን ስለዘለዉኹም ድምቕ ዝበለ ጣቕዒት ህቡለይ። ... ምኽንያቱ ናብዚ ውድድር ዝተሳተፍኩም ሳላኦም ስለዝኾንኩም። ኣብዚ ውድድር መን እዩ ዕዉት? ኩልኹም! ኣብዚ ውድድር ዝተሳተፍኩም ብስእሊ 239፡ ብግጥሚ ድማ 60 ተመሃሮ ነይርኩም። ስለዝኾነ እዞም 299 ተመሃሮ ዕዉታት ኢኹም። ዕላማ ውድድር ተርመማ ኣብ ቅወም-ነገር ዝጠፍእ ግዜ ንምብዛሕ እዩ። ኣብዚ ውድድር ብምስታፍኩም ጥራይ ዕዉታት ኢኹም። ስለዚ ንኹልኹም እንቋዕ ኣሐጎሰኩም ክብለኩም እደሊ። ... ኣብዚ ውድድር ዝበረ ብሉጽ ስእልን ብቑዕ ግጥምን ንምምማዩ ኣዚና ተሸጊርና ኢና። ካብ ኣርባዕቲኡ ደረጃ ብሉጻት ስእልታት ንዝበልናዮም ብዕለት 29-12-24 ጸዊዕና ስእሎም ክምዝደግሙ ገይርና። ኣብዚ ዕለት እዚ'ውን ናይ ግጥሚ ተወዳደርቲ ግጥሚ ክምዝገጥሙ ገይርና ኢና። ኣብ ክልቲኡ ድማ ብቑዕ ዝኾነ ስራሕ ተራእዩ። ስለዚ ካብ ስእሊ 17 ተመሃሮ፡ ካብ ግጥሚ ድማ 3 ተመሃሮ ክዕወቱ ኢና። ስለዚ ደጊመ እንቋዕ ኣሐጎሰኩም ብምባል። ኣብ ዝቕጽል ውድድራት ክትሳተፉ ንዕድም፡" ብምባል መደረኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ እዚ ምዕዳል መዳልያ፡ ሰርቲፊኬትን መጽሓፍን ቀጺሉ። ዕዉታት፡ ሽልማቶም ካብ ኢድ ዕዱማት ኣጋይሽ ተቐቢሎም። ተወሳኺ ክልተ ካብ ሰኣልትን ሓንቲ ገጣሚትን ድማ ብፍሉይ ሰዓት ናይ መንደቕ ተሸሊሞም።

**ይቕጽል**



## ሓበሬታ

ኵልኹም ተወዳደርቲ ስእልን ግጥምን ንጽባሕ ሰንበት ዕለት 12-01-2025 ንውድድር ዝቐረቡ ስእልታትን ግጥምታትን ናይ ምርኢት መደብ ከነካይድ ስለዝኾንና፡ ኵልኹም ተወዳደርቲ ምስ ስድራቤትኩም ክትሳተፉ ንሕብር።

ቦታ፡ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ

ሰዓት፡ 9፡00 -11፡00

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ተስፋልደት ወልደትንሳኤ፡ ተኸሳሲት ጥና መሴ ሃይሉ፡ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ከሳሲት ወ/ሮ የርሳሌም ገብረገርግሽ ወልደእየሱስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣቤል ጴጥሮስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሌሎ መኮንን ገብረመስቀል ባይሩ፡ ብዋልቲ ቤተይ ሉተብርሃን ክፍለ ቀለተ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቃና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣኽበረት ወልደኣብ ፍቓዱ፡ ብዋል ቤተይ ታደሰ ስምኦን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ዓወት ገብረኪዳን ስበሃቱ፡ ኣቦይ ገብረኪዳን ስበሃቱ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ ተተካእተ ደቂ ሓወይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ፍስሃየ የውሃንስ ንጉሰ፡ ኣደይ ሉተጼን ተኽለ ፍቁረይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 2 ተተካእተ ደቂ ሓፍተይን ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራሄዋ ኣብርሃ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዋል ቤተይ ምኖና ኣርኣያ ዘረጸዮን ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣስራት መብራህቱ ዐ/ሚካኤል፡ ኣደይ ሳራ ዑእባዝጊ ፍስሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሚሮን ኪዳ ኣትባርክ ምግባል ተሪፉ፡ ሚሮን ዳኒኤል ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንጽህቲ ገብሸ ደባሱ፡ ኣደይ ደሃብ ገብሩ ሓጎስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ኣርሴማ ኣሰመላሽ ምግባል ተሪፉ፡ ሰላም ኣሰመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄወት ኣሰመላሽ ምግባል ተሪፉ፡ ሰሚራ ኣሰመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሙሉ ገብረማርያም ስበሃቱ ምግባል ተሪፉ፡ ሙሉጌታ ገብረሚካኤል ስበሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

በራኺ ጉዳም ኣስገዶም ምግባል ተሪፉ፡ በረኸት ጉዳም ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ዛይድ ተኽለማርያም ገብረወልደ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መኮንን መንግስትኣብ ተስፋዪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ዓዲ ኣቤቶ ቁ.ገዛ 89 ፕሎት 1R ቁ.ፓርሰል ASP00011008 ፓርሰል D ዚፕ ኮድ ዕዳጋ ሓሙስ 1A 114 ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1፡ 011355/1 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ፡ ካብ ኣቴና ነ/ሄር የሻረግ ኣርኣያ ምኒልክ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ሳባ ወልደኣብ ባህታ

ወ/ሮ ወገሸ በራኺ ገብረእግዚኣብሄር፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ኣቕሑ ገዛን ፈርኒቸርን ንግዳዊ ትካለን "ሲቲ ሰንተር መሸጢ ኣቕሑ ገዛን ፈርኒቸርን" (CITY CENTER HOUSEHOLD APPLIANCES&FURNITURE) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይተዘለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ምዃኑ ፍለጡ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ




### ምስጋና



ብዕረፍቲ ብልቢ ኣፍቃሪ ሓፍትና ሰናይት ጎይትኦም ወረደ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ካብ ወጻኢ ሃገር ኣብ ጎና ዝተመሳሰልኩም፡ ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ስድራቤት ነ/ሄር ጎይትኦም ወረደ

ኣመልካቲ ኣነ የሴፍ ገብረወልዲ ተስፋማርያም፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ቤት መኻእ ብመወከሲ ቁጽሪ 000073 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 000200 ፕሎት 5 ፓርሰል E ንመንበሪ መዓል ዝተዓደልኩዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ሞባይል 07195998 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

የሴፍ ገብረወልዲ ተስፋማርያም

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣጮሻውል ቁ.ገዛ 18 ብቁ/ምስክር ወረቐት 110321 መወከሲ ቁ 120725 ቀንዲ ክፍሊ 4 ሓገዝቲ ክፍሊ 1 ብስም ወራሲት ኣፍ/ ዓብደልዋስዕ ሰዒድ ኢብራሂም ጓሉም ወ/ሮ ራሓና ዓብደልዋስዕ ሰዒድ ዝተመዝገበ ገዛይ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ከሰጋግር ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካደስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ ዶክመንት ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ራሓና ዓብደልዋስዕ ሰዒድ

### ንሳልሳይ ግዜ ዘወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ እንቋቑሖ
ዓዳጊ፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ፦ ክፉት ጨረታ ሃገራዊ
ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመት 2025 ካብ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025 ንክሊንካት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከቕርብ ስለዝደለና፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።
1.ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ እንቋቑሖ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3.ተሳታፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተሳታፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔቴን) ኣብ ቁጽሪ ቴሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሓሙስ 16/1/2025 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዘቕረበ ተሳታፊ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳታፍቲ ሕጋውያን ወኪልቲ ኣብ ዝተረኸብሉ ስነስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሓሙስ ዕለት 16/1/2025 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንእንቋቑሖ 10,000 ናቕፋ ብስፒኦ (cpo) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድጊን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ንግስቲ ገብረክርስቶስ ባሁቡ፥ ጓለይ ሩት ገብረሂወት ጊላዝጊ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ተኽሉ ተኸሳሲ ኣቶ በርሀ ያሲን ኣሕመድ፡ ናይ መኪና ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሂወት ገብረዝጊ ስለሙን፥ ጓል ሓወይ ኤደን ተስፋይ ካብ 2002 ኣትሒዛ ደሃይ ስለዘጥፈኣት፡ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ርእየያ ወይ ብዛዕባኣ ሰሚዑ ዝበል እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሂወት ገብረዝጊ ስለሙን፥ ተጸዋዒት ጓል ምወት ሓወይ ሩት ተስፋይ ንልዕሊ 22 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ናይ ጥፍኣተ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሂወት ገብረዝጊ ስለሙን፥ ወዲ ሓወይ ዳኒኤል ተስፋይ ካብ 2002 ኣትሒዙ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፣ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ፣ ርእየያ ወይ ብዛዕባኣ ሰሚዑ ዝበል እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣርቲስት ኣቶ ተስፋ እምባየ ተኽሉ፥ ተኸሳሲ ኤላ ቲቪ ቻነል ትካል፥ ዋና የኤል ሃብተማርያም ተኽሉ ናይ ገዝዚብ ክርክር ጉዳይ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ስለዘየተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ኣቶ ዳንኤል ኣማኒኤል ተኽለሚካኤልን ወ/ሮ ሰሚር በርሀ ወልደጋብርን፥ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ዘይኑብ ሓጎስን ወረ/ፍ ጀማል ሰዒድ ገይቱን ኣሲያ ጀሃን ዘሎ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ሰም ምትሕልላፍ ጉዳይ፥ ኣድራሻኦም ብንጹር ስለዘይተፈልጠ ተኸሰስቲ ቁ.1.1.6 መሓመድኑር ኢማም፥ 1.1.7 ኢብራሂም ኢማም 1.1.8 መሰጦፋ ኢማም1.1.9 ኣሕመድ ኢማም 1.1.11 ሳልሕ ኢማም 1.2.2 ያሕያ ጠልሰም 1.2.3 ናስር ጠልሰም 1.2.4 ዓዚዛ ጠልሰም 1.2.5 መና ጠልሰም 1.2.6 ሰዒድ ጠልሰም 2.1 ኑሩ ጀማል 2.2 መሰጦፋ ጀማል 2.3 ፋጥማ ጀማል 2.4 ኣልኣሚን ጀማል 2.6 መሓመድ ጀማል 2.7 ብርሃኑ ጀማል 2.8 ሰሚራ ጀማልን 2.9 ሩማና ጀማል ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፥ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ህድኣት ወልደኣብ ወልደትንሳኤ፥ ብዓል ቤተይ ሰዩም በራኺ መሓሪ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋማርያም መንደር፥ ብዓል ቤተይ በርሀ ኣስፍሃ ተስፋገርግሽ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉያይ ኣስፍሃ ኣደለ፥ ወደይ ዳዊት ዓንደሚካኤል ተስፋዝጊ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሚኤል ክብረኣብ ሃብተሚካኤል፥ ኣዴና ሃንሱ በላይ ንገሰ ስለዝዋረረት፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሚሮን ገብረኣብ ሃብተሚካኤል፥ ኣቦይ ገብረኣብ ሃብተሚካኤል ምሕረትኣብ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የውሃንስ ተወልደ ወልደጋብር ምባል ተሪፉ፥ የውሃንስ ተወልደብርሃን ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን መብራህቱ ኪዳኑ ተኸሳሲ ኣቶ ሰምኦን ተኽለጊዮርጊስ የውሃንስ፥ ናይ ምፍልላት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ናኢብ ሚካኤል ተኽላይ ምባል ተሪፉ፥ ናኤብ ሚካኤል ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

እሰይ የሰፍ ስለሙን ምባል ተሪፉ፥ ዓብዲላህ የሰፍ ስለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ መንግስትኣብ ገብርኣብ ኪዳኑ፥ ብዓልቲ ቤተይ ክብራ ከስተ ተስፋማርያም ስለዝዋረረት፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዞሚከኤል ክፍለማርያም ገብረመሲ ምባል ተሪፉ፥ ሳይሞን ክፍለማርያም ገብረመሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ት/ዕድመ ያሬት መኮንን ብርሃ ምባል ተሪፉ፥ ኣብርሃም መኮንን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረኪዳን ገብረሰላሰ ወልደኣረጋይ ምባል ተሪፉ፥ ገብረኪዳን ገብረስላሴ ኣረጋይ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዑቕባዝጊሄር ክፍለ መኮንን ምባል ተሪፉ፥ ሚልኪያስ ክፍለ መኮንን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሸዊት ዑምረዲን ዓሊ፥ ብዓል ቤተይ ሓሰን ኣብራር መሓመድ ስለዝዘተሰወኣ፥ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍናን ኣብራሃም ወሉ ምባል ተሪፉ፥ ፋኒኤል ኣብራሃም ወሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሶካሉ ዑቕባገብረኤል ጓንጉል፥ ብዓል ቤተይ ሸሻይ ተስፋገብረኤል ወልደሚካኤል ስለዝዘተሰወኣ፥ ኣነ ምስ 9 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ሃይለ ገብረመስቀል፥ ብዓል ቤተይ ዞሚካኤል ገብረትንሳኤ ኣስፍሃ ስለዝዘተሰወኣ፥ ኣነ ምስ 7 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄርሞን መብራህቶም በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ሄርሞን መብራህቱ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ መብራህቶም በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ኤልሳ መብራህቱ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሴም መብራህቶም በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ሴም መብራህቱ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄራን መብራህቶም በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ሄራን መብራህቱ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ሂወት ሃይለሚካኤል፥ ተኸሳሲ ጸገዘኣብ ረዳ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ እማሃ ዓንደማርያም፡ ተጸዋዒ ወዲ ወደይ ኣቶ ፋኒኤል ተኽለኣብ እማሃ ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብሪሽዋ ካሕሳይ፥ ብዓል ቤተይ ደበሳይ ተኽለሃይማኖት ቀለተ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ርእሶም ሸዊት ተስፋይ ምባል ተሪፉ፥ ርእሶም ካሕሳይ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ትዕግስቲ ሸዊት ተስፋይ ምባል ተሪፉ፥ ትዕግስቲ ካሕሳይ ተስፋይ ተባሂላ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስራት ሸዊት ተስፋይ ምባል ተሪፉ፥ ብስራት ካሕሳይ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናይዝጊ ሸዊት ተስፋይ ምባል ተሪፉ፥ ናይዝጊ ካሕሳይ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮማን ሸማይ ሓይሊ ምባል ተሪፉ፥ ሮማን ሸማይ ሓዩለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሊልያ ሓጎስ በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ልድያ ሓጎስ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ምሕረትኣብ ተስፋይ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፥ ምሕረትኣብ ተስፉ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ክብሮም ሃብተኣብ መረስዕ ምባል ተሪፉ፥ እሰይ ሃብተኣብ መረስዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ብርኽቲ ኣብርሃም ብርሃ፥ ብዓል ቤተይ ሃይለ ማህደረቃል ምሳዮና ስለዝዘተሰወኣ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ተስፋይ ገብረትንሳኤ፥ ወድና ሳምኤል መሓሪ በርሀ ስለዝዘተሰወኣ፥ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፥ ኣነ ምስ ኣቡኡ መሓሪ በርሀ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዳሉም ሰመረ ባህታ፡ ኣደይ ልችያ ገብረሃንስ ዘርኣ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጊዴና ሓደሽ ገብረዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ቤተልሄም ሓደሽ ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## Notice

Here given to the public that members of the Abraham and Family Liquor P.l.c on their extra ordinary meeting held on 15/12/2024 resolved the transfer of shares by inheritance:-

1. Late Abraham Tesfamichael Kuflu 190 Shares of value of nakfa 380,000.00 transfered to spouse and inheritors' as follows; and Art.7 of the memorandum of the company amended asfollows

| Members | Shares | Value of shares |
|---|---|---|
| 1. Tegbaru Kidane Welderufael | 231 | 162,000.00 |
| 2. Azieb Abrham Tesfamichael | 55 | 110.000.00 |
| 3. Elsa Abrham Tesfamichael | 54 | 108,000.00 |
| 4. Yosief Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| 5. Yohanes Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| 6. Awet Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| 7. Semhar Abrham Tesfamichael | 10 | 20,000.00 |
| Total | 380 | 760,000.00 |

2. Adiam Abraham Tesfamichael to be appointed the manager of the company for unlimited period of time.

Abraham and Family Liquor p.l.c

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣሰታኒ ግርማይ ምባል ተረፉ፣ የስቲና ግርማይ ጉብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ፍስሃየ ኪዳነ ወልደኣብ፡ ኣቦና ኪዳነ ወልደኣብ ኣድሓኖም ስለዝዐረፈ፡ ንወላዲትና ወ/ሮ ሶፍያ ቀሺ በርህ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

መንግስትኣብ ወልደትንሳኤ ወልደስላሴ፡ ኣቦና ወልደትንሳኤ ወልደስላሴ ሄደረኣብን ኣዴና ንግስቲ ተስፋማርያም ተላን ስለዝዐረፉ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ልእልቲ ካሕሳይ ተስፋሚካኤል፡ ኣዴና ኤልሳ ርእሶም ጭሩም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓብተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሄርሞላ ተስፋሚካኤል ንጉቱ ምባል ተረፉ፣ ሄርሜላ ተስፋሚካኤል ንጉቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ፍትሒ ኣብራሃም ኣለማዮ፡ ወዘ. መልሲ ኣቶ ሳሙኤል ዑቕበ ሃብተ ናይ ምግዚትነት ክሲ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

የውሃንስ ከበደ ሃብተሚካኤል፡ ኣደይ መኣዛ ተዛረ ተኸለ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኸሊ

ወ/ሮ ኣብርሃት በርሀ ጉብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ቅዱስ ዑቕባሚካኤል ጉብረመድህን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናስር መሓመድ ኣማን ምባል ተረፉ፣ ናስር መሓመድ ኢማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ጉዕሽ ደባሱ፡ ነ/ፍ ብዓልቲ ቤተይ ንወድና ዑቕባዝጊ ጉዕሽ ብለበዋ ዝሓብናዮ ግዛ ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ሓበን ፍጹም ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣዴና ትርሓስ ጉብሩ ኣብራሃ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥማ ሰዒድ ኢብራሂም፡ ኣደይ ኣልማርሐማ ሓሊማ ኣሕመድ ዑስማን ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመድ ዑመር ሽፋ፥ ወደይ ዑስማን ኣሕመድ ዑመር ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ኣዴኡ ሳሊሓ መሓመድዓሊ ኢድሪስን ብዓልቲ ቤቱ ሰሚራ ሳልሕ ኢብራሂምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ለተእዝጊ ንጉሱ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሰሎት ባህታ ዘርኣሃዋርያት ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ፥ ዝኢ ብስማ ዘሎ ናይ ድኳን ሃለኽቲ ዘሎ ልቼንሳ BG 011-4059TIN NO 73-0154-66 V ተመዝጊቡ ስለዘሎ ናብ ስመ ክመሓለለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተስፋይ ተኸለ ፍስሃጼዮን፡ ሓወይ በረኸት ተኸለ ፍስሃጼዮን ስለዝዐረፈ፡ 2 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ራንያ ሙሉጌታ ተኸስተ፡ ኣቦይ ሙሉጌታ ተኸስተ በርሀ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ሃብቶም ተስፋዝጊ፡ ስም ኣደይ ፍቓዱ ኣብርሃ መንግስቱ ምባል ተረፉ፣ ፍቓዱ መንግስቱ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኣሚና ዓብደላ ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ ኣምና ሑመድ ማሕሙድ ምባል ተረፉ፣ ከድጃ መሓመድዓሊ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ ዚ.ፕ 1A173 G+3 ኣብ ቀዳማይ ደርቢ ዝርከብ ኣፓርታማ ቁ.2 ዝኾነ ናይ ዋንነት መረጋገጺ ቁ/ምዝገባ ንብረት 1፡ 011647 ቁ/ካዳስተር 1፡005258 ቁ/ፓርስል ASP00014408 ስፍሓት ቦታ 348 ት/ሜ ብዝሒ ክፍልታት 2 መደቀሲ 1 ሳሎን 3 ሓገዝቲ ክፍልታትን ቁ/መለለዪ ገዛ ASD00042965 ብስም ወ/ሮ ሰናይት ሃብተሚካኤል ነስረዲን ዝተመዝገበ ገዛ ብስውጢ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ሃንስ ልጃም ሃብተማርያም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ምምሕዳር ከባቢ "ሰምበል" ጎደና "1999-167" ዚ.ፕ ኮድ "1B1999" ፕሎት "232" ፓርሰል "A ዝርከብ፡ ኣብ 500 ት/ሜ ዝተደኮነ ሰርቪስ ዝዓይነቱ ገዛ፡ ብስም ወላዲተይ ነፍ/ ኣዜብ ኪዳነ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸበኹዎ ገዛ መንበሪ ብቐዋትን ዋንነትን ኣውጺአ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ጽጌረዳ ኪዳነ ተስፋዝጊ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ዚ.ፕ 1B7665 ጎደና 7665-41 ፕሎት 145 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP 00014801 ፓርሰል C ጂ+1 9 ቀንዲ 6 ሓገዝቲ ክፍልታት ስፍሓት መሬት 1055 ት/ሜ ስፍሓት ህንጻት 295.11 መለለዪ ንብረት 1፡ 005312 ብስም 1.ወ/ሮ ህይወት ጉብረስላሴ ሚህደረን 2. ኣቶ ዴቪድ ማቴለ ዝተመዝገበ፣ እዚ ብውህብቶ ስለ ዝተወሃበኒ ብስመይ ዋንነት ሰነድ ከውጽኣሉ ስለዝደለኹ፣ ዝኢ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡

ኣቶ የናስ ተኸለ ወልደየውሃንስ

---



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዝዩ ዝፈትዋ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ሰስተር ኣልማዝ ሃብተ ደባሱ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚማ ዘልዓልኩማን ዝኣለኹማን ጉረባብተይን ፈተውተይን ዘቓበርኩምናን ኣብ ሓዘና ዝተኻፈልኩምን ካብ ውሽጢን ወጻእን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኢይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብዓል ቤታ ኣብርሃም ሽቃ ወልደሚካኤል ቀለተ፡
ወድና ያፌት ኣብርሃም ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤትን።

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ሙሴ ዓንደብርሃን መሓሪና፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዕለት ቀብሩ ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ መጺእኩም ዘቓበርኩምናን ናብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኢይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ኣዜብ ማሰፍን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት።

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ እንፍቅራ ክብርቲ ኣዴናን ሓብትናን ወ/ሮ ሂወት ወልደሚካኤል ጉብረስላሴ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝበጻሕኩማ ኣብ ሓዘሓዝ ዘቓበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምላሳን ካብ ውሽጢን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኢይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ደቃን ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤትን

---


AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመነየ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ጥሪ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።


---


ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት

Golden Integrated


Algebra & Geometry

ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ።

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

➢ ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
➢ ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሓኡ
➢ ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም

ቴሌፎን፦ 07114840



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኢሳቕ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ወርሒ ታሕሳስ ተባሂሉ

### ሳንቶ፡ ንሻዱሻይ ግዜኡ . . .

ኣብ ጥርዚ ብቕዓት ዝርከብ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ኒውካስል - ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ብሉጽ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ወርሒ ታሕሳስ 2024 ተባሂሉ።




ኢሳቕ ኣብታ ወርሒ ኣብ ሸዱሸተ ናይ ሊግ ጸወታታት፡ ሸሞንተ ሸቶታትን ክልተ ቀረብትን ብምምዝጋብ እዩ ጸብሊሉ ኢሉ። ንፈለማ ግዜ ድማ ኾነ ወርሓዊት ሸልማት ክዕትራ በቒዑ ኣሎ።

ኣብታ ወርሒ ዝጠዘለ ሸቶታት ዘመዝገበ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ኩለን እተን ሸዱሽተ ግጥማት ኣንጻር - ሊቨርፑል፡ ብረንትፎርድ፡ ሌስተር ሲቲ፡ ኢፕስዊች ታውን፡ ኣስቶን ቪላን ማን ዩናይትድን ሸቶ ኣመዝጊቡ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኢፕስዊች ታውን ከኣ ሰለስተ ሸቶታት ብምቑጻር ሃትሪክ ሰሪሑ። ኣብ ልዕሊ ሊቨርፑል ካብ ግዳም ብርቃዊት ቅላዕ ዘመዝገቦ ብልጽቲ ሸቶ ከኣ ንዝበለጸት ሸቶ እዛ

ወርሒ ተሓጺያ ኣላ።

ዝለዓለ ደምዲ ዝረኸበ እዚ ወዲ 25 ዓመት ቆማት ኤርትራዊ-ሽወደናዊ፡ ንመሪሒ ሸቶታት እዚ ሊግ ዘሎ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕን ወዲ ሃገሩ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ፡ ኮል ፓልመር - ቸልሲ፡ ጊብስ ዋይት - ኖቲንግሃም፡ ዲን ሁጅሰን - ቦርንማውዝ፡ ጃኮብ ማርፊ - ኒውካስል፡ ከምኡ'ውን ንተጻዋታይ ፉልሃም ኣንቶኒ ሮቢንሶን እዩ በሊጹ ተዓዊቱ።

ኢሳቕ ድሕሪ ጥቅምቲ 2022 ንፈለማ ግዜ ኾነ ሸልማት ዝተዓወተላ ተጻዋታይ ኒውካስል'ውን ኮይኑ ኣሎ፣ ኣብቲ እዋን ሚጉል ኣልሚሮን እዩ ተዓዊቱላ ነይሩ።

ብዝይኣዝ፡ ኾነ ኣብ 1994-95 ዝተኣታተወት ወርሓዊት ሸልማት ዝተዓወተላ ራብዓይ ሽወደናዊ ኮይኑ ኣሎ። ፈለማ ፍረዴ ሉንግበርግ - ኣርሰናል ኣብ ሚያዝያ 2022 ምስ ተሰመየላ፡ ጆሃን ኤልማንደር - ቦልተን ኣብ ሕዳር 2010፡ ዝኣታን ኢብራሂሞቪች ካብ ማን ዩናይትድ ከኣ ኣብ ታሕሳስ 2016 ሰሞም ኣሰፊርማላ ነይሮም።

ኣብ ሸውዓተ ተኸታተልቲ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ሸቶ ኣመዝጊቡ ዘሎ ኢሳቕ፡ ዝመጽእ 15 ጥሪ ኣብ ልዕሊ ዎልቭስ ሸቶ ምስ ዘመዝግብ፡ ሻዱሻይ ተጻዋታይ እዚ ሊግ ኣብ ተኸታተልቲ ሸሞንተ ጸወታታት ሸቶ ዘመዝገበ ክኸውን እዩ። ጸቡቕ ዕድል ንኢሳቕ!

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ንኖቲንግሃም ካብ ግምት ወጻኢ ኣዚያ ተወዳዳሪት ጋንታ ቀይሩዋ ዘሎ - ኑኖ ኢስፒሪቶ ሳንቶ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ወርሒ ታሕሳስ ተባሂሉ።

ኣቐዲሙ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ዝበለጸ ዓለሚ ተባሂሉ ዝነበረ ሳንቶ፡ ካብ ሸዱሽተ ግጥማት ኣብ ሓሙሽተ ክዕወት ክኢሉ። ኖቲንግሃም ከኣ ድሕሪ 1994 ንፈለማ ግዜ ኣብ ፕሪመር ሊግ ካልኣይ ደረጃ ክትሕዝ ክኢላ ነይራ እያ፣ ኣብዚ እዋንዚ ምስታ ካልኣይቲ ዘላ ኣርሰናል ብሓባ ተመዓራርያ ሳልሰይቲ ትርከብ።

እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ኾነ ሸልማት ብድምር ንሻዱሻይ ግዜኡ እዩ ዝዕወተላ ዘሎ። በዚ ከኣ ምስ ናይ ቀደም ዓለምቲ ሳም ኣላርዳይስን ሰር ቦቢ ሮብሶንን ተመዓራርዩ ኣሎ።

## ሞየስ፡ ናብ ኤቨርተን ክምለስ ተቓሪቡ

ናይ ቀደም ዓለሚ ኤቨርተን ዳቪድ ሞየስ፡ ዳግማይ ናብታ ሓዳሽ ኣሰልጣኒ እተናዲ ዘላ ክለብ ክምለስ ተቓሪቡ ምህላዉ ተሓቢሩ።



ኣብ ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ መበል 16 ተሰሪዓ ዘላ ኤቨርተን፡ ብቐደሚ ትማሊ ንዓለሚኣ ሻን ዳይች ከምዘብረረቶ ይዝከር። ካብ 19 ናይ ሊግ ግጥማት ሰለስተ ጸወታታት ጥራይ ዝተዓወተት እዛ ጋንታ፡ ካብ ናይ ምውራድ ዞባ ብሓንቲ ነጥቢ ጥራይ እያ ልዒላ ዘላ።

ኤቨርተን፡ እዚ ጥርሑ ዘሎ ናይ ስራሕ ቦታ ንምትካእ ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ እዋን ከኣ ምስ ሞየስ ትዘራረብ ኣላ። ወላኳ ሆገዩ ሞሪኖ ዝርከቦም ገለ ሕጹያት ዓለምቲ ስሞም ምስዛ ጋንታ ተኣሳሲሩ ይለዓል እንተሃለወ፡ ሞየስ ግና ክምለስ ተቓሪቡ ምህላዉ እያ ጋዜጣ ስካይ ስፖርት ሓቢራ።

ሞየስ ካብ 2002 ክሳብ 2013 ኾነ መርሰሳይዳዊት ክለብ ከምዘዐለማ ይዝከር።

ሓሙስ ምሸት ቀደሚ ናይ ኤፍኤ ካፕ ጸወታኣ ንዳይች ዘብረረቶ ኤቨርተን፡ ኣብቲ ግጥም ንፒተርቦሮ 2-0 ሰዒራታ። ጉዳም ተጻዋታይን ሓለቓኣን ሲመስ ኮልማን ከኣ ከም ኣሰልጣኒኣ ኮይኑ መሪሕዋ።

## ረምኮ፡ ናይ ተሃድሶ ግዜ ጀሚሩ

ተቐዳዳማይ ክለብ ሱዳል - ረምኮ ኢቨንፖል፡ ድሕሪት ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ እዋን ልምምድ ዘጋጠሞ ሓደጋ፡ ናይ ተሃድሶ ግዜ ምጅማሩ ተሓቢሩ።

ረምኮ፡ ኣብ ምጅማር ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ሃገሩ ቤልጅዩም ከተማ ብራሰለስ እናተለማመደ እንከሎ እዩ ምስ ዝተኸፍተ ማዕጾ መኪና ብምግጫው፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ኣካላቱ መጉዳእቲ ገጢምዎ።

ድሕሪት ክዑበር ዝቖጸ ሕክምናዊ መርመራ ኣወንታዊ ምዕባለ ብምርኣዩ፡ ካብ ዶክትር ከኣ ቀጠልያ መብራህቲ ስለዝተወልዓሉ፡ ኣብ ዕጹው ገዛ (Indoor) ልምምድ ክጅምር ምኻኑ፡ ብቐደሚ ትማሊ ገሊጹ። ኣብ ምጅማር ወርሒ ለካቲት ድማ፡ ብርቱዕ ልምምድ ኣብ ግዳም ክጅምር ተስፋ ኣሕዲሩ ኣሎ።



25 ጥሪ መበል 25 ዓመቱ ዝመልእ ረምኮ፡ ናብ ብሉጽ ብቕዓቱ ክምለስ እኹል ግዜ ከምዝወስዶ ይኣምን። "እዚ መጉዳእቲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ምኻኑ ዕድለኛ እየ። ተስፋ እገብር ከኣ ዳግማይ ከየጋጥመኒ። ኩሉ ከምቲ ዝደልዮ ጸቡቕ እንተኸይዱለይ፡ ንዙር ፈረንሳ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ክህሉ እየ። ሸውዓተ ኣዋርሕ ኣለዋ፣ ንኽዳሎ እኹል እዩ። ኣብ ቀውዒ ኣብ ዝካየዱ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት ድማ ብኸቢድ ኣይክሓልኽን እየ፣ ምኽንያቱ ኣብ ዙር ፈረንሳ ብምሉእ ሓይለይ ክኣቱ ስለ ዝደሊ።" ኢሉ።

ናይ ጽርግያን ናይ ግዜን ዕወት ወርቂ መዳልያ ኦሎምፒክ 2024 ዝኸኣለ ረምኮ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ መጺኢ ኣብ ዙር ፈረንሳ ብጫ ማልያ ክዕወቱ ትጽቢት ዝግበረሎም ብሉጻት መንእሰያት ተቐዳደምቲ እዩ። ኑቲ ናይ'ዚ እዋን'ዚ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ታደይ ፖጋቻ ቀንዲ በዳሂኡ ክኸውን'ውን ይግመት። ረምኮ፡ ኣብ ቀዳማይ ሱታፌኡ ዙር ፈረንሳ 2024፡ ብሉጽ መንእሰይ ተባሂሉ ጻዕዳ ማልያ ምዕዋቱ ይዝከር። ኣብ ብጫ ማልያ ከኣ ድሕሪ ፖጋቻን ቪንገጋርድን ሳልሳይ ወዲኡ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ኮዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል

ሰንበል - ገጀረት 11:30 ቅ.ቀ

ኩጥንያ ህንጻ ሰገን - ዕዳጋ ሓሙስ 1:30 ድ:ቀ

ኢንሹራንስ - ጎዳይፍ 3:30 ድ:ቀ

**ኤፍኤ ካፕ (ሳልሳይ ዙርያ)**

ብሪስቶል ሲቲ - ዎልቭስ 3:00 ድ:ቀ

ሌስተር ሲቲ - ኪው.ፒ.ኣር 5:00 ድ:ቀ

ኖቲንግሃም - ሉቶን 6:00 ድ:ቀ

ቸልሲ - ሞረካምበ 6:00 ድ:ቀ

ማን ሲቲ - ሳልፎርድ ሲቲ 8:45 ድ:ቀ

**ሰሪኣ**

ቶሪኖ - ጁቬንቱስ 8:00 ድ:ቀ

ኤሲ ሚላን - ካግሊያሪ 10:45 ድ:ቀ

**ጽባሕ**

ናይ ደቂ ኣንስትዮ

ሓይሊ ኣየር - ደንደን 9:00 ቅ.ቀ

ዘዋሪት ዋንጫ ደቂ ተባዕትዮ

ኣልታሕረር - ኣኽሪያ 1:30 ድ:ቀ

ደንደን - ማን ተመናይ 3:30 ድ:ቀ

## ኣማድ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ሊድያ በርኸት

ኣይቮሪኮስታዊ ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ



ኣማድ ድያሎ፡ ኣብ ክራማት ናይዛ ዓመት ንዝውድእ ውዕሉ፡ ክሳብ 2030 ኣናዊሕዎ።

እዚ ወዲ 22 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣሞሪም ከም ኣሰልጣኒ ካብ ዝጸንበር፡ ሓደ ካብቶም ወሰንቲ ተጻወትቲ ኮይኑ ክኢሉ እዩ።

ኣማድ፡ "ኣብቶም ዝሓለፉ ጸወታታት ቀያ ክሰርሕ እየ ዝደሊ። ኣብ ማን ዩናይትድ ድማ ታሪኽ ክሰንድ እዩ ሕልመይ።" ኢሉ።

ድያሎ፡ ካብ ናይ ሰሪኣ ክለብ ኣታላንታ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ናብዛ ጋንታ ካብ ዘምርሕ ኣትሒዙ፡ 50 ሸቶትት ከመዝግብ ክኢሉ ኣሎ።

ዩናይትድ መበል 13 ደረጃ ፕሪመር ሊግ ሒዛትሉ ኣብ ዘላ እዋን፡ ኣብ 20 ጸወታታት ሸዱሸተ ዓወታት ጥራይ እያ ከተመዝግብ ክኢላ ዘላ። ***

## ክቫራትስኬልያ፡ ብ80 ሚልዮን ናብ ፒኤስጂ ይሕመ

ናይ መኣዝን ኣጥቃዓይ ክለብ ናፖሊ ክቪቻ ክቫራትስኬልያ፡ ክለቡ ናብ ፒኤስጂ ብ80 ሚልዮን ኤሮ ንኽትሸጦ ትዘራረብ ከምዘላ ተሓቢሩ።

እዚ ጆርጅያዊ ኣጥቃዓይ፡ ናፖሊ ብ10 ሚልዮን ኤሮ ካብ ጆርጅያዊት ክለብ ዲናሞ ባቱሚ ኣብ 2021 ድሕሪ ምዕዳጋ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዉ ዝበለጹ ናይ መኣዝን ኣጥቃዕቲ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚረን ከኣ ፒኤስጂ፡ ቸልሲ፡ ሊቨርፑልን ማን.ዩናይትድን ክዓድግኦ ተረኣዩ። ማን.ዩናይትድ ብራሽፎርድ ንኽትቅይሮ ምስ ክለቡ ዘዩደቶ ሕቶ ድማ ፍረ ኣይረኸበትሉን። ኣብዚ እዋን'ዚ ግና፡ ናፖሊ ናብ ፒኤስጂ ክትሸጦ ኣብ ምስምማዕ ትርከብ። ናፖሊ መሸጣ እዚ ተጻዋታይ ምስ ዝሰልጣ፡ በቲ ናብ ሊቨርፑል ካብ ዘምርሕ ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለ ዘሎ ፈደሪኮ ኪዛ ክትትክኦ መደብ ኣለዋ።

ወዲ 24 ዓመት ክቫራትስኬልያ፡ ኣብ ሰሪኣ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋናት ኣብ 84 ጸወታታት 47 ሸቶታት ከመዝግብ ዝኸኣለ፡ ናፖሊ ካብ ዘዕንበይቶም ተጻወትቲ ሓደ እዩ።

## ያንግን ወዱን፡ ታሪኽ ካብ ምስራሕ ተዓንቂጾም

ጉዳም ተጻዋታይ ኤቨርተን ኣሽሊ ያንግን ትይለር ዝተባህለ ወዱን ኣብ ናይ 154 ዓመታት ታሪኽ ኤፍኤ ካፕ ኣንጻር ዝተፋለሙ ኣቦን ወድን ካብ ምኻን ተዓንቂጾም - ወዱ ኣብታ ጸወታ ብዘይምስላፉ።

ያንግ፡ ኣብቲ ምሸት ኣንጻር ፒተርቦሮ ዝተባህለት ክለብ ኣብ ዝተደገሞ ጸወታ፡ ኣብ መበል 73 ደቒቕ እዩ ተቐይሩ ኣትዩ። ዓለሚ ፒተርቦሮ፡ ንወዲ ያንግ ቀይሩ ብዘይምእታዉ ግና፡ ዳግማይ ከጋጥም ጸቢብ ዕድል ዘለዎ ታሪኽ ካብ ምስራሕ ተዓንቂጾም።

እቲ ዓለሚ፡ ጋንታኡ ክሳብ መውዳእታ ደቒቕ 1-0 ተመሪሓ እንከላ ኣከፋፊሉ ከእቱ ከምዝደልዮ ብምግላጽ፡ ቀጺሙ 2-0 ዝመርሐ እንተዘይብሩ ግና፡ ኑቲ መንእሰይ ቀይረ ከእትዎ ምኸኣልኩ በሃሊ እዩ። ኤቨርተን፡ ኣብ መበል 98 ደቒቕ ካልኣይቲ ሸቶ ብምውሳኽ 2-0 ተዓዊታ።



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኣመሪካ፡ ን‘ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ገበነኛታት’ ክትቀጽዕ ትዳሎ



ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ገበነኛታት እገዳ ክግበር ንዝጠልብ እማመ ከምዘጽደቖ ተሓቢሩ።

እቲ ባይቶ ኣብቲ እማመ ድምጹ ንምሃብ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ እተጋብኦሉ፡ 243 ደገፍ ብ140 ተቓውሞ ከምዘጽደቖ ተገሊጹ።

ካብ ወከልቲ ሰልፊ ረፓብሊካውያን፡ ኣንጻርቲ እማመ ዘድመጹ ዋላ ሓደ ከምዘይነበረ’ውን ተሓቢሩ።

እቲ እማመ፡ ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ (ሰኔት) እንተ ጸዲቑ ድማ፡ ኣብ ተግባር ክውዕል ምኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ እማመ፡ ግብረ-መልሲ ናይቲ መራሕቲ እስራኤል ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣትዉ ቢቲ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ገበነኛታት ዝተመሓለለፈ ትእዛዝ ምኳኑ’ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዕላማኡ ድማ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ንዜጋታት ኣመሪካ ይኹን ንዜጋታት መሓዙት ኣመሪካ ዝኾኑ ሃገራት ክምርምር፡ ክፈርድ ወይ ክኣስር ኣብ ዝፍትነሉ እዋን ምትሕብባር ንዝገብሩ ዝኾኑ ወጻኢተኛ ብማዕቀብ ንምቕጻዕ እዩ።

እቲ ቤት-ፍርዲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ነታንያሁን ሚኒስተር ምክልኻል ነበር የኣቭ ጋላንትን ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ገበናት ኩናት ከምዝፈጸሙ ብምኽንያት ኣብ ዝኾነት ሃገር ተቐይዶም ናብ ሕጊ ክቐርቡ ዝሓለፈ ግንቦት ትእዛዝ ከምዝመሓለለፈ ኣይርሳዕን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ነታንያሁ ኣብ መበል 80 ዓመት ዝኽሪ ሓርነት መዳጎኒ መጎስቲ ‘ኣውሽቪትስቢርከናው’ ንኽሳተፍ ወሕስነት ክህቦ ምኳኑ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ - ዶናልድ ታስክ ሓቢሩ።

ፖላንድ፡ ንነታንያሁ ዝመጽእ 27 ጥሪ ናብታ ሃገር ኣብ ዝኣትወሉ እዋን ሐዟ ክተረክቦ ካብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ገበነኛታት ጸወዒት’ኳ ይቐርበላ እንተሎ፡ መራሕቲ እታ ሃገር ግን ነቲ ዝተመሓለለፈ ናይ ቀይዲ ትእዛዝ ከምዘይኣምኑሉ እዮም ዝገልጹ ዘለዉ።

ኣብ እዋን ስርዓት ናዚ መዳጎኒ መጎስቲ ዝበረ ኣውሽቪትስቢርከናው፡ ኣብ ወሽጢ 4 ዓመት (1941-1945) ኣስታት 1.1 ሚልዮን ሰባት ከምእተቐትሉ’ዮም መዛግብቲ ዝሕብሩ።

ካብኣቶም እቶም 90% ኣይሁዳውያን ምንባሮም ድማ እቶም መዛግብቲ የመልክቱ።

## ዩክሬን፡ ንቦታ ሃንጋሪ ኣብ ሕ/ኤውሮጳ ንምትካእ ትዳሎ

ዩክሬን ንቦታ ሃንጋሪ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ንምሓዝ ድልውቲ ከምዘላ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ’ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝ. ዝገለጸ ዘሎ፡ ዩክሬን ነቲ ብመሬታ ኣቢሉ ናብ ሃገራት ሕብረት-ኤውሮጳ ክሓልፍ ዝጸንሐ ባህርያዊ ጋዝ ሩሲያ ብምዕጋታ ዝተቘጥዐት ሃንጋሪ ነቲ ስጉምቲ ኣትረራ ድሕሪ ምኽናና እዩ።

“ሃንጋሪ እንተደኣ ካብ ሕብረት ኤውሮጳን ኔቶን ወጺኣ ናብቲ ብሩሲያ ዝቐለሰ ቁጠባውን ጸጥታውን ምትእኽኻብ ክትጽንበር ወሲና፡ ዩክሬን ንቦታኣ ክትትክእ ድልውቲ ኣላ” ክብል ድማ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ገሊጹ።

ዩክሬን ነቲ ኣቐዲማ ምስ ሩሲያ ዝኸተመቶ - ባህርያዊ ጋዝ ብመሬታ ኣቢሉ ናብ ሕብረት-ኤውሮጳ ክሓልፍ ዝኸእል ናይ 5 ዓመት ስምምዕ ክተሐድሶ ስለዘይደለየት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ነቲ ኻምብቆ ከምዝዓጸወቶ ኣይርሳዕን።

ብሰንኪ’ቲ ወሲዶቶ ዘላ ስጉምቲ ከኣ፡ ሮማንያ፡ ፖላንድ፡ ሃንጋሪ፡ ስሎቫኪያ፡ ኦስትሪያ፡ ኢጣልያን ማልዶቫን ዝርከባአን ሓያል ኣባላት ሕብረት-ኤውሮጳ ብናህሪ ዋጋታት ጸዓት ክሳቐያ ጀሚረን ከምዘለዋ ይሕበር።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብዘን ሃገራት ዋጋ ኣብ ወሽጢ ሓደ ሰዓት ዝዛልኽ ጸዓት ናብ ልዕሊ 50 ዩሮ ደይቡ ይርከብ።

ኣብ ቀረብ ጸዓት ሩሲያ ከምእትምርኮስ ዝነገረላ ስሎቫኪያ እውን ነቲ ብዩክሬን ዝተወሰደ ስጉምቲ ‘ክድዓት’ ክትብል ብትሪ ተቓዊማቶ ኣላ።

ዩክሬን ብኣመሪካን መሻርኽታን እናተደገፈት ኣንጻር ሩሲያ ኣብ እተካይዶ ዘላ ደማዊ ውግእ፡ ኣብ ኩሉ ግንባራት ከቢድ ወተሃደራዊ ስዕረት ይገጥማ ምህላዉ’ዩ ዝነገረሉ።



## ሎስ-ኣንጀለስ - ልዕሊ 10 ሽሕ ህንጻታት ብሓዊ ተሃሚኾ

ኣብ ከባቢታት ከተማ ሎስኣንጀለስ - ሕመኣመሪካ ተኸሲቱ ብዘሎ ሓያል ባርዕ ጫካ፡ ዛጊት ብውሑዱ 10 ሰባት ሞይቶም ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ብሰንኪ’ቲ ባርዕ ክበጽሑዎ ዘይክኣሉ ሓያለ ቦታታት ከምዘሎ ዝጠቐሱ ሰበ-መዚ’ታ ሃገር፡ ቁጽሪ ምውታት ካብዚ ንላዕሊ ክዛየድ ክኽእል ምኽንያት ክለዓል ዝኽእል ገሊጾም።

እቶም ሰበ-መዚ ወሲኾም፡ ብሰንኪ’ቲ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኩይኑ ዘቕጽል ዘሎ ባርዕ መሮር፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 10,000 ህንጻታት ብሓዊ ተሓሚኾ ከምዘሎ ኣረጋጊጾም።

በዚ ኩኑ እቲ ባርዕ መሮር ኣብ ታሪኽ ሎስኣንጀለስ እቲ ዝኸበደ ክሳራ ዘስዓበ ሓደጋ ኩይኑ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ጸብጻባት ከምዝመልክትዎ፡ ብሰንኪ’ቲ ኣብ ሸዱሽተ ቦታታት ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ድሕሪዮም ኣብ ሓደጋ ዝኣተወ ኣስታት 180 ሽሕ ነበርቲ፡ መረብኦም ሓዲጎም ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ትእዛዝ ተዋሂቡዎም ኣሎ።

ካልኦት ኣስታት 200 ሽሕ ነበርቲ እውን ንምግዓዝ ክዳለዉ ዘመልክት ኣጠንቓቒ ሓበሬታ ተመሓላሊፉሎም ኣሎ።

ብሓያል ነፋርቲን በምጥረታትን ዝተሰዩ ኣስታት 8 ሽሕ ኣባላት መጥፋእቲ-ሓዊ፡ ነቲ ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ መሮር ንምቁጽጻር ይረባረቡ’ኳ እንተሃለዉ፡ ስፍሓት ናይቲ ባርዕ ግን መመሊሱ ካብ ምውሳኽ ደው ከምዘይበለ’ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብኻልእ ወገኑ ክርቢት ሽርጠጡ ነቲ ባርዕ መሮር ከምዘበኦሶ ዝተጠርጠረ ውልቀሰብ፡ ብጥቆማ ተፈሊጡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተወ ፖሊስ ሎሱ ኣንጀለስ ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ህዝቢ ኣብይቱ ሓዲጉ ዝሃደመሉ ዘሎ ከባቢታት ሰፊሕ ተግባራት ስርቂ ንብረት ይርአ ብምህላዉ፡ ሰበ-መዚ ኣውራጃ ሎስኣንጀለስ እዋን እቶ-እቶ ክእውጁ ተገዲዶም ከምዘለዉ ይሕበር ኣሎ።



## “ኣመሪካ ኣብ ግሪንላንድ ወተሃደራዊ መደበር ትሃንጽ ኣላ” ሩስያ

ኣመሪካ ኣብታ ኣካል ዴንማርክ ዝኾነት ርእሰ-ምምሕዳር ደሴት ግሪንላንድ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክወንጭፉ ዝኽእሉ ነፈርቲ-ውግእ ዝዋፈረሉ መደበር ትሃንጽ ከምዘላ ሩሲያ ገሊጻ።

ኣምባሳደር ሩሲያ ኣብ ዴንማርክ - ቭላድሚር በርቢን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝሃንጽ ዘሎ መደበር፡ ‘ኤፍ-35’ ናይ ዝተባህላ ነፈርቲ-ውግእ መደበር ክኸውን ከምዝኽእል ኣረዲኡ።

ሩሲያ ዝ. ትገልጾ ዘላ ምስቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ እትርከብ ዓባይ ደሴት ካብ ዴንማርክ ንምዕዳግ ደጊሙ ድሌቱ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ኣመሪካ ካብ ኣርክቲካ ክፍንወላ ንዝኽእል ኑክሌሳዊ መጥቃዕቲ ቅድመ-መጠንቀቕታ ዝህብ ስርዓተ-ራዳር ኣብታ ደሴት ተኺላ ከምዘላ ይፍለጥ።

ይኹን’ምበር፡ ኣብ 2019 ንግሪንላንድ ንምዕዳግ ሓሳብ ኣቕሪቡ ዝነበረ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሕጂ ድማ እታ ደሴት ንጸጥታ ኣመሪካ ስትራተጂያዊት ምኳና ብምጥቃስ፡ ብዘኾነ ይኹን ዋጋ ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ኣመሪካ ክትገብራ ከምዝደቅስ እየም ናይ ቀረብ ኣማኸርቱ ዝገልጹ ዘለዉ።

ትራምፕ ብዘይካዚ፡ ካናዳ መበል 51 ክፍሊ ሃገር ኣመሪካ ክትከውን ከምዝሕሸ፡ ንመትረብ ፓናማ ዳግማይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣመሪካ ክኣቱ ከምዝኽእል፡ ንወሽመጥ ሜክሲኮ ከኣ ‘ወሽመጥ ኣመሪካ’ ኢሉ ክሰይሞ ምኳኑ’ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ኣመሪካ መደበር ናይ ኑክሌር ክሸከማ ዝኽእላ ነፈርቲ-ውግእ ኣብ ግሪንላንድ እንተደኲና፡ ሩሲያ ጸጥታኣን ካልእ ረብሓታታን ንምውሓስ ክትብል ኣድላዪ ስጉምቲ ክትወስድ ከምእትግደድ’ያ ትገልጽ ዘላ።



## ሳርኮዚ፡ “ካብ ሙዓመር ቀዛፊ ሳንቲም’ውን ኣይተቐበልኩን” ይብል

መራሒ ፈረንሳ ዝነበረ ኒኮላስ ሳርኮዚ፡ ‘ኣብ 2007 ናይ ምርጫ ገንዘብ ንምኽያድ ካብ መራሒ ሊብያ ነበር ኮሎኔል ሙዓመር ቀዛፊ ሚልዮናት ገንዘብ ተቐቢልካ’ ንዝብል ክሲ ብትሪ ነጺጉዎ።

ንሱ ዝ. ክሲ’ዚ ዝጸገ ዘሎ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ናብ መጋባእያ ቤት-ፍርዲ ፓሪስ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን’ዩ።

“ኣነ ናይ ምርጫ ገንዘብ ንምኽያድ ኣብ ዘጋጠመኩም ገንዘብ ዋላ ሓንቲ ሳንቲም’ውን ትኾን ናይ ሊብያ ገንዘብ ፈጺምኩም ኣይክትረኽቡን ኢኹም” ብምባል ድማ ካብቲ ዝቐረበሉ ዘሎ ክሲ ንጹህ ምኳኑ ከረድእ ፈቲኑ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ን10 ዓመት ዝኣክል መርመርኩምኒ፡ ን48 ሰዓታት ኣብ መደበር ፖሊስ ኣሰርኩምኒ፡ ን60 ሰዓታት ዝኣክል ሓቲትኩምኒ፡ ን10 ዓመት ዝኣክል ኣጻሊምኩምኒ ክትብቅዑ ዋላ ሓንቲ ነገር ክትረኽቡ ኣይክኣልኩምን” ክብል’ውን ቁጠዐኡ ገሊጹ።

እቲ ንፈረንሳ ካብ 2007 ክሳብ 2012 ዝመርሓ ወዲ 69 ዓመት ፖለቲከኛ፡ ንብልሽውና፡ ዝይሕጋዊ ምወላ ወፍሪ ምርጫ፡ ንስርቂ ባጀት መንግስቲን ንኻልኦት ገበናዊ ተግባራትን ዝምልከት ክሰታት’ዩ ቀሪቡሉ ዘሎ።

ገበነኛ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ከኣ ክሳብ ብናይ 10 ዓመት ማእሰርቲ ክቕጻዕ ከምዝኽእል፡ ክኢላታት ሕጊ’ታ ሃገር የረድኡ።

ኮሎኔል ሙዓመር ቀዛፊ፡ ሳርኮዚ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፈረንሳ 2007 ንኽዕወት ክሳብ 50 ሚልዮን ዩሮ ዝግመት ምወላ ከምዝገበረሉ ድሕሪ ምግላጹ’ዩ ንሳርኮዚ ክሰታት ከምስረተሉ ክኢሉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 11/01/2025 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services